# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.254 ቀዳም 22 ሰነ 2024 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 በዓል-ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን 96 . . .



ገጽ 3 ማሕበራት ተጋደልቲ፡ ዝኽሪ 20 ሰነ ኣብ ቦታ ልምዓት



ገጽ 5 ሕድሪ ሰማእታት እንታይ እዩ? . . .



ገጽ 7 ጥበባት 21 ዘመን



ገጽ 11 ሮይ ኪን ንሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ይነቅፍ




## ‘20 ሰነ’ - ኣብ ደ/ቀ/ባሕሪ ብልዑል ፍናን ተዘኪሩ

20 ሰነ - መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ፡ ኣብ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ብዝተፈላለዩ መሰናድኦታት ብልዑል ፍናን ተዘኪሩ።

ብ19 ሰነ - ኣመሓዳሪ ዞባ ኣምባሳደር መሓመድ-ሰዒድ ማንታይን ኣዛ. እዚ. ምብራቕ ብርጋዴር ጀነራል ኣብርሃም ዓንደምን ዝመርሕዎን ብርክት ዝበለ ህዝብን ሰራዊትን ዝተሳተፎን ሰልፊ ሽምዓ ክቶኽድ እንከሎ፡ ንትርጉምን ርዝነትን መሰዋእቲ ዝገልጽ ስነ-ጥበባዊ መሰናድኦታት ብጉጅለ ባህሊ ንኡስ ዞባ ኣዛ. እዚ. ምብራቕ ቀሪቡ።

ብ20 ሰነ ድማ፡ ካብ ዓሰብ ንሽነኽ ሰሜን ኣስታት 15 ኪሎሜተር ርሒቑ ናብ ዝርከብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ብዙሓት ዝተኻረደ ናይ እግሪ ጉዕዞ ዝፈለመ ወግዓዊ ጽምብል፡ ንመዓልቲ ሰማእታት ብዘንጸባርቕ ስነ-ጥበባዊ ትሕዝቶታት ማዕሪጉ።

ኣብ’ቲ ኣጋጣሚ፡ ኣምባሳደር መሓመድ-ሰዒድ ማንታይ ብስም ህዝብን ምምሕዳርን ዞባ፡ ኣዛ. እዚ. ምብራቕ ብርጋዴር ጀነራል ኣብርሃም ዓንደም ድማ - ብስም ኣሃዱታት ሓይልታት ምክልኻል ናይ’ቲ እዚ፡ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ኣኽሊል ዕንባባ ኣንቢሮም።

ኣምባሳደር መሓመድ-ሰዒድ ማንታይ፡ 20 ሰነ - ንስለ ዝኽሪ ጥራይ እትዝከር ተራ ዕለት ዘይኮነት፡ ሕድሪ ሰማእታት ንምትግባር ዘሰላስልናዮም መደባት እንገምግመላን ንዘቐጽል ጉዕዞ

## ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ናብ ፕረዚደንት ሲሪል ራማፎዛ ናይ ዮሃና መልእኽቲ ሰዲዱ



ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ፕረዚደንት ሲሪል ራማፎዛ ንረፓብሊክ ደቡብ ኣፍሪቃ ንካልኣይ እብረ ክመርሕ ብምምራጹ፡ ብስም መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ከምኡ’ውን ብስሙ፡ ናይ ዮሃና መልእኽቲ ሰዲዱ።


ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ መልእኽቱ፡ ዳግመ ምምራጽ ፕረዚደንት ሲሪል ራማፎዛ፡ ንቑጠባውን ቴክኖሎጂካውን ምዕባለ ረፓብሊክ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ከምኡ’ውን ንምዕማቕን ምድልዳልን ክልተኣዊ ዝምድናን ምትሕግጋዝን ኤርትራን ደቡብ ኣፍሪቃን ኣስተዋጽኦ ከምዝገብር፡ ጽኑዕ እምነቱ ገሊጹ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ንፕረዚደንት ሲሪል ራማፎዛ ምሉእ ጥዕናን ናይ ስራሕ ኣሳልጦን፡ ንህዝቢ ረፓብሊክ ደቡብ ኣፍሪቃ ድማ፡ ሰላምን ብልጽግናን ተመንዩ።

ወዲ 71 ዓመት ፕረዚደንት ሲሪል ራማፎዛ፡ ንካልኣይ ናይ ሓሙሽተ ዓመት እብረ ንረፓብሊክ ደቡብ ኣፍሪቃ ክመርሕ - ብ19 ሰነ እዩ ቃለ-ማሕላ ፈጺሙ።

ዚያዳ ሓይልን ዓቕምን እንድልበላን ከምዝኾነት ድሕሪ ምጥቃሱ፡ “ናይ ሎሚ ዓመት ዝኽሪ፡ ነቲ ብዙሕ መልክዕት ዝበርዕ ሽርሒታትን ተጻብኦታትን መኪትና፡ መትከሮ ህዝብና ንምምሕያሽ ኣብ ዝተበገሰናሉ ብምዃኑ፡ ንዕማምና ዚያዳ ድርዒ’ዩ” ክብል ገሊጹ።





## መዓልቲ ሰማእታት፡ ብደረጃ ዞባ ደቡብ ብልዑል ሓበን ተዘኪሩ

መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ፡ ብደረጃ ዞባ ደቡብ “20 ሰነ - መዓልቲ ሓበን” ብዝብል ቴማ፡ ኣብ ሓወልቲ ሰማእታት መንደፈራ ብኽቡብ ዝበለ ስነ-ስርዓት ተዘኪሩ።

ብ19 ሰነ ኣብ ሰዓታት ምሸት ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ህዝቢን ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ብዝተሳተፍዎ ሰልፊ ሽምዓ ዝጀመረ መደብ፡ ብምውላዕ ሽግ ሰማእት፡ ምንባር ኣኽሊል ዕንባባ ኣብ ሓወልቲ ሰማእታት፡ ከምኡ’ውን ብስነ-ጥበባዊ መሰናድኦ ቀጺሉ ኣምሲዩ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ኣቶ ህዝቅያስ ወልዱ፡ ስለ ናጽነትን ልኡላውነትን ዝተሰውኡ ጅግኑ ሰማእታት፡ ዝገደፉልና ሕድሪ ብግብሪ ብምትርጓም ክንድኽዖም ኣዘኻኺሩ።

ብኻልእ ወገን፡ ብ18 ሰነ ብምውህሃድ ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ሃማመተኤ ዞባ ደቡብን ዝተዳለወ መደብ ዝኽሪ ዜማ፡ ኣብ መንደፈራ - ኣዳራሽ ኩዶ-ሕንብሻ ቀሪቡ።

ኣብ’ቲ ብምውላዕ ሽምዓ ዝተሰየ መደብ፡ ብመንእሰያት ዝፈረያ ባህላውን ስነ-ጥበባውን ትሕዝቶታት እውን ተኣንጊዱ።

‘20 ሰነ’ መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ፡ ኣብ 12 ንኡሳን ዞባታት ደቡብ፡ ብሰልፊ ሽምዓን ካልእ መደባትን ከምእተዘከረት፡ ወኪላት ኤሪና ሓቢሮም።



# ዜና

## ንጽጉማት ስድራ-ቤታትን ተመሃሮን ናይ ገንዘብ ሓገዝ ተገይሩ

ኣብ ዞባታት ማእከል፡ ዓንሰባን ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕርን ብምኽንያት ዝኽሪ 20 ሰነ - ንስድራቤታት ስውኣት ናይ ገንዘብ ሓገዝ ተገይሩ።

በዚ መሰረት፡ ሲቪል ሰራሕተኛታት ጨንፈር ህግደፍ ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ፡ ከምኡ'ውን ነበርቲ ንኡሳን ዞባታት ጉዳይፍን ኣኽርያን ን101 ስድራ ስውኣት 89 ሽሕ ናቕፋ ኣበርኪቶም።

እቲ ገንዘብ፡ 21 ሽሕ ናቕፋ ብኣባላት ሲቪል ሰራሕተኛታት ህግደፍ ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ፣ 20 ሽሕ ናቕፋ ብነበርቲ ንኡስ ዞባ ኣኽርያ፣ 48 ሽሕ ናቕፋ ድማ ብነበርቲ ንኡስ ዞባ ጉዳይፍ ዝተዋጽአ እዩ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ፓጋሪያ ድማ፡ ሉሚ ዓመት ናብ ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎ - ሳዋ ንዘወርዱ 14 ደቂ-ስውኣት ተመሃሮ 11 ክፍሊ፡ ንነፍሲ-ወከፎም 2 ሽሕ ናቕፋ ሓገዝ ተዋሂቡ።

ኣብ ዞባ ዓንሰባ ብተመሳሳሊ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ዒላበርዕድ ተመሃሮን ሰራሕተኛታት መንግስትን ዘዋጽእዎ 310 ሽሕ ናቕፋ - ን62 ስድራ-ቤታት ክመቓርሕ እንከሎ፣ ኣብ ንኡስ ዞባ ሓመልማሎ ዝርከቡ ኣባላት ጉጅለታት ህግደፍ ሲቪል ሰራሕተኛታት መንግስቲ ብዘዋጽእዎ 23 ሽሕ ናቕፋ ከኣ፡ ንኣርባዕተ ስድራ ስውኣት ናይ ጥሪት ሓገዝ ከምእተገበረ ተሓቢሩ።







ብዘይካ'ዚ፡ ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ 6 ከተማ ከረን - 37 ሽሕ ናቕፋ፣ ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ሓደ - 55 ሽሕ ናቕፋ፣ ምምሕዳር ከባቢ 3 ድማ - 10 ሽሕ ናቕፋ ብምውጻእ ንጽጉማት ስድራ-ስውኣት ኣመቓሪሖም።

ኣባላት ጉጅለ ህግደፍ ቤት-ጽሕፈት ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ዓንሰባ ዘዋጽእዎ 8 ሽሕ ናቕፋ ከኣ፡ ካብ ምምሕዳራት ከባቢ ከተማ ከረን ንዝተለለዩ ጽጉማት ስድራ-ቤታት ተበርኪቱ።

ብተመሳሳሊ ኣብ ባጽዕ - ብሰራሕተኛታት ምምሕዳር እታ ከተማ፡ ጨንፈር ቱሪዝም፡ ኢሚግረሽንን ዜግነትን፡ ገምኣት፡ ፋብሪካ ቱቦ ፕላስቲክን ኤሬቴልን ዝተዋጽአ 90 ሽሕ ናቕፋ፡ ን15 ስድራ ስውኣት ተመቓሪሉ።

ሰራሕተኛታት ምምሕዳር ዞባ፡ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ባጽዕ፡ ከምኡ'ውን ሰራሕተኛታት ምምሕዳር ሓወሲ ከተማ ጋሕቴላይ ዘዋጽእዎ 66 ሽሕ ናቕፋ ድማ፡ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ጋሕቴላይ ንዝነብራ 11 ስድራ-ስውኣት ተኸፋፊሉ።

## በዓል-ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን 96 ኣባላት ኣሰልጢኑ




በዓል-ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን፡ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ሞያዊ ስልጠና ቶኮር - ብልምዓት ኣግራብ፡ ዕቃብ እንሳሳ ዘገዳም ከምኡ'ውን ብቍጽጽር ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን፡ ንልዕሊ ሓደ ወርሒ ዘሰልጠኖም 96 ሓደስቲ ኣባላት ብ13 ሰነ ኣመረቖ።

ወኪል'ታ ቤት-ትምህርቲ ሌተና ኮሎኔል ኣርኣያ ገረዝግሄር፡ እቲ ትምህርቲ - ኣካል ናይ'ቲ ሞያዊ ዓቕሚ ኣባላት ኩብ ብምዕባል፡ ብቐዓት ናይ'ቲ ዝሰላሰል ሰራሕ ንምብራኽ ዝዕለመ ምዃኑ ገሊጹ።

እቲ ስልጠና ክዉን ንምግባር ኣበርክቶ ንዝገበሩ ቤት-ጽሕፈት ሓለቓ ጠቕላሊ ስታፍ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፥ በዓል-ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ኣሰልጠንትን ድማ ሞጎሱ።

 ወኪል ተመረቕቲ ድማ፡ መደባት ሓምላይ ወፍሪ ንምዕዋት ኣበርቲዖም ከምዝሰርሑ ቃል ኣትዩ።

ከም'ዚ ዓይነት ስልጠና ን3ይ ግዜኡ ይውደብ ከምዝሎ ዝጠቐሰ - ዋና ኣካያዲ ስራሕ በዓል-ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ኮሎኔል ክንፈ ሃብቱ፡ ሰልጠንቲ ኣብ መደባት ሓምላይ ወፍሪ ልምዓት ተራኦም ከበርክቱ ተላቢዩ።

## መን'ዩ ስምካ?

መን'ዩ ስምካ?
ኣቢይ'ዩ ዓድኻ?
መን ይበሃሉ ኣቦኻ?
መንከ ይበሃላ ኣደኻ?
ኣበ'ዩ ሩባኻ?
መን ይበሃሉ ኣሕዋትካ?

ንገረኒ ሓወይ መን'ዩ ስምካ
ኣሕዋት'ዶ ኣለዉኻ?
መሰታይ ዝኸውን ሓው'ዶ ኣሎካ?
ንእሽቶ ሓብቲ'ኸ ኣላትካ?

በጃኻ ንገረኒ መን'ዩ ስምካ
ከይደ ክነግሮም ኩሉ'ቲ ውዕሎኻ
ንኣደኻ ክነግረን'ቲ ትብዓትካ
ንኣቦኻ ክነግሮም ኩሉ'ቲ ጽንዓትካ
መን'ዩ ስምካ?

ባዕለይ ከዕልሎም ኑቶም ኣሕዋትካ
ከይደ ክነግሮም ንኹሎም መሳቱኻ
መንኩት ጽንዓትካ ክነግሮም ንደቂ ሩባኻ
ግን ኣይፈለጥኩምን ዘለኹ ስምካ
ስወእ ንገረኒ'ንዶ በጃኻ?

መን'ዩ ስምካ?
ስምካ ምንጋር ካብ ኣበኻ
ግድን ስለዝኾነ ክበጽሕ ናብ ቤትካ

ጕላጕላት ተጓዒዘ ከለኺ ዓድኻ
ደያብ ኣብ ኩርባ ከማዕዱ ገዛኻ
ንኹሉ ኣጣዩቐ ከለኺ ሩባኻ

ኣብ ኩሉ ገጠራት ሓቲተ መንነትካ
ኣብ እዚ'ዩ ገዛኡ ኩሎም ህዝበኻ
ኣብ እዚ'ዩ ሩባኡ ይብሉኒ'ቶም
መሳቱኻ
ኩላተን ኣደታት ፍረ ከርስይ'የን
ዝብላኻ
ኩላቶም ኣቦታት ውሉደይ'የም
ዝብሉኻ

ተደናገረ ቀሩብ ሓደ ስበ'ዶ ከይኮንካ?
ኣብ ዝኸደክዎ ገጠርሲ ናትና'የም
ዝብሉኻ


ጽሒሑ ግን ተረዲኡኒ ሓደ'ስ ነይኩንካ
ተረዲኡኒ ሕጂ'ስ 65 ሽሕ ኢኻ

ረእዮ ጥዋፋት ደብርህ ንክብርኻ
ኤርትራ እዛ ስም ኣውጺኣትልካ
ኩላቶም መርሃዊ'የም ዝብሉኻ
ሕጂ'ስ ፈሊጠካ!
መርሃዊ እዩ ስምካ!

**ኣቶ ኣርኣያ ኤፍሬም**
**ካብ ሒመእ - ኣክላንድ - ካሊፎርንያ**

## ተጋዳላይ የማነ ፍስሓጽዮን ተሰዊኡ

ኣብ ምምሕዳር ከተማ ባጽዕ ሓላፊ ኣሃዱ ሕግን ስርዓትን ኰይኑ ከገልግል ዝጸንሐ ጉዳም ተጋዳላይ የማነ ፍስሓጽዮን ወልደስላሴ ብዝሓደሮ ሕማም ብ19 ሰነ ኣብ መበል 70 ዓመት ዕድሚኡ ተሰዊኡ።



 ኣብ ወርሒ ጥሪ 1975 ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈን ኣብ 1977 ናብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዝተጸንበረን ተጋዳላይ የማነ፡ ክሳብ ዕለተ ናጽነት ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት - ካብ ተራ ክሳብ መራሒ ሓይሊ፣ ድሕሪ ናጽነት ድማ፡ ኣብ ምምሕዳራት ከተማታት ዓሰብን ባጽዕን ብዝተፈላለየ ጽፍሒታት ሓላፍነት ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ እዩ።

 ጉዳም ተጋዳላይ የማነ ፍስሓጽዮን፡ በዓል ሓዳርን ኣቦ 4 ደቂን እዩ።

 ስነ-ስርዓት ቀብሩ፡ ትማሊ 21 ሰነ ፍርቂ መዓልቲ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

 ምምሕዳር ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ብምስዋእቲ ጉዳም ኣባሉ የማነ ፍስሓጽዮን ወልደስላሴ ዝተሰምዖ ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራ ቤቱ፡ መቓልስቱን መሳርሕቱን ጽንዓት ተመንዩ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቤተልሄም ታደሰ
ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጳ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳጳ 1284

ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)
ስእሊ- ሄኖክ ተኽለገርግሽ

# ማሕበራት ተጋደልቲ፡ ዝኽሪ 20 ሰነ ኣብ ቦታ ልምዓት





ኣቶ ገብረኣብ ፍስሃየ

20 ሰነ መዓልቲ ሰማእታት፡ ዓመት መጽአ ብኽቡብ ዝበለ መዓርግ ኣብ ዝበዓላ ርእሰ በዓላትና ሓንቲ'ያ። እዛ ዕለት፡ ኣብ ቀልቢ ነፍሲ-ወከፍ ኤርትራዊ ዜጋ'ዩ ስፍራኣ። ሃዋህው ለሚ ቕኑ፡ ቅንያት ናይ'ቶም ምእንቲ ህዝቦምን ሃገሮምን ህይወቶም ዝበጀዉ ሰማእታት ኤርትራ ከም ምዃኑ መጠን፡ ንዝኽሮም ዝተወፈየ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ድማ፡ ነዚ ዘለናዮ ቅንያት፡ ቅድሚን ድሕሪን ናጽነት ህይወቶም ናይ ዝበጀዉ ሰማእታቱ ንምዝካር፡ መንፈስ ማህደር ታሪኽ ሰኑዳት ልቡ ከፊቱ፡ ብሓበን ኣብ ከቢድን ዓሚቝን ዝኽሪን ተሸሚሙ የሕልፎ።

ረቡዕ 19 ሰነ 2024፡ ብምውህሃድ 44 ትካላትን ማሕበራት ተጋደልቲን ዝተወደበ ስነ-ጥበባዊ መሰናድኦ 20 ሰነ መዓልቲ ሰማእታት ኣብ ቦታ ልምዓት ማይ-ድምኑ ናይ ዝኽሪ መደብ ተኻዪዱ። ተሳተፍቲ ኣባላት ማሕበራት ካብ 5:30 ወጋሕታ ጀሚሮም ናብ መበገሲ ቦታ ሜዳ ባሕቲ መስከረም ውሒዞም። ሰዓት 7:00 ከኣ፡ ሚኒባሳት ገመል፡ ዓበይቲ ናይ ጽዕነትን ንኣሹቱን ማካይን ተሳፊሮም ንቕሎ ናብ ማይ-ድምኑ ኩይኑ። 7:30 ኣብ ቤት ገርግሽ (ኮባቢ ቤት ጽሕፈት ኩባንያ ህንጻ ሰገን) በጺሖም። እቶም ብኣሽሓት ዝቝጸሩ ተሳተፍቲ፡ ካብ ዝተሳፈሩለን ማካይን ወሪዶም የማን ጸጋም ኣቡቲ ልዕሊ 50 ሜትሮ ዝስፍሓቱ ጽርግያ ቤት ገርግሽ - በለዛ ቅጽጽ ክብሉ ግዜ ኣይወሰደሎምን።

ብድሕሪ'ዚ፡ ነፍሲ-ወከፍ ሰብ ኣብ መሰርዕ ኣደ ማሕበር ኣሃዱኡ ብምእታው፡ ናብ ቦታ ልምዓትን ናብ'ቲ ብምኽንያት 20 ሰነ ስነ-ጥበባዊ መሰናድኦ ዝተዋደደሉ ቦታን ኣቕንዑ። ንዝኽሪ ሰማእታት ዝገልጹ፡ "ቅሱኑ ሰማእታትና፡ ሎሚ ከም ትማል ኣብ መትከልኩምን ቃልኩምን ጸኒዕና ኣለና፣ ሕድርኹም ብልምዓት ንምድባስ ገስጊስና ኣለና፣ ሰማእታትና ወትሩ ኣብ ልብና" ወዘተ ዝብሉ፡ ዝተፈላለዩ ጭርሖታት እናጨርሑን እናዘመሩን ድማ፡ ልዕሊ 2 ኪ.ሜ ብእግሪ ተጓዒዞም ኣብ'ቲ ዝተመደበ ቦታ በጺሖም።

መሰናድኦ ስነ-ጥበባዊ ምርኢት ቅድሚ ምጅማሩ፡ ንትሕዝቶን ምድላዋትን 19 ሰነ 2024 ማሕበር ኣመልኪቱ ሓጺር ስእላዊ ሓበሬታ ክህበና ንጸሓፊ ናይ'ቲ ማሕበር ኣቶ ገብረኣብ ፍስሃየ ተወኪስናዮ ነይርና። ኣቶ ገብረኣብ ኣብ ሓበሬታኡ፡ 44 ቦርድ ማሕበራት ገድሊ ነበር፡ ኣብ ትሕቲ ጽላል ኣወሃሃዲ ማሕበራት ተጋደልቲ ተጠርኒፈን ልምዓታዊ ዕማማተን ከምዘሰላስላ ብምጥቃስ፡ ስነ-ጥበባዊ መሰናድኦ ትሕዝቶ ድሮ 20 ሰነ ማለት ኣብ 19 ሰነ ካብ 2021 ጀሚሩ ዓመት መጸኣ፡ ዓሚቑ ስነ-ጥበባዊ ፍርያት ኣካቲቱ ኣብ ቦታ ልምዓት ማይ-ድምኑ ዝካየድ መደብ ምዃኑ ገሊጹ። ሎም ዓመት'ውን ከም ወትሩ ምድላዋቱ ኣጻፊፉ ቀሪቡ ከምዘሎ ብምሕባር፡ ሕድሪ ሰማእታትና ብልምዓት ንምድባስ ዝጀመረ ወፍሪ ብዝሓየለ ክቕጽል ምዃኑ ኣረዲኡ።

ማሕበር፡ ንጥፈታት መደብ ልምዓት ኣብ ማይ-ድምኑ ብዝተወደበ መገዲ ኣብ 2018 እዩ ጀሚርዎ። ካብተን 44 ማሕበራት እተን 36 ማሕበራት ዝሳተፍኦ ኣብ ልዕሊ 4 ሄክታር ዝተተኽሉ ኣስታት 4 ሽሕ ኣግራብ ግቡእ ክንክን ኣብ ምግባር ደርኪቡ። ዝተረፋ 8 ማሕበራት ከኣ ኣብ ዞባታት ዝርከባ ኩይነን ንሰን'ውን ተመሳሳሊ ወፍሪ ዞባይዳ'የን። ዝሰፍሐ ትሕዝቶ መደብ 19 ሰነ 2024 ግን፡ ብምኽንያት 20 ሰነ ዝተዳለወ ምርኢት ስነ-ጥበባዊ መሰናድኦ ዝተሓዝአ'ዩ ነይሩ። ተሳተፍቲ ድማ፡ ዋላ'ኳ ዝሰፍሐ መደብ ወፍሪ ልምዓት ን6 ሓምለ 2024 ክካየድ መደብ ወጺኡሉ እንተሎ፡ ምርኢት ስነ-ጥበባዊ መሰናድኦ እታ ዕለት (19 ሰነ 2024) ቅድሚ ምጅማሩ፡ እግሪ መገዶም ኣመት ቅድሚ ሕጂ ዝተኸልዎም ኣግራብ'ዮም ገይሮም። ንርብዒ ሰዓት ዝኸውን ከኣ፡ ዝኸስከሱ ኩስኩሶምን ጻህያይ ጸህዮምን። ኣብ'ቲ ኣብ 6 ሓምለ ክካየድ ተወጢኑ ዘሎ መደብ ስራሕ ማሕበር፡ ብኣላይነት ሱብ ሞያ ሕርሻ፡ ኣግራብ ናይ ምኽስኳስ፡ ምጽሃይ፡ ጉዳጉዲ ፈልሲ ናይ ምኹዓትን ዝበረ ምጽጋንን፣ ዝናብ ኣብ ዝጀመረሉ ፈልሲ ምትካል፣ ሓደስቲ ዛላታትን ካናለታትን ምስራሕን ምጽጋንን ዘጠቓልል ክዕመሙ ተታሒዞም ካብ ዘለዉ መደባት'ዮም።

ድሕሪ'ዚ፡ ተሳተፍቲ ብቐጥታ ናብ'ቲ ንዝኽሪ 20 ሰነ ስነ-ጥበባዊ መሰናድኦ ዝተዋደደሉ ቦታ ኣምሪሖም። ሰዓት 8:00 ሚኒስተራት፡ ሓለቓ ጠቕላሊ ስታፍ ሚኒስትሪ ምክልኻል ጀነራል ፍሊጶስ ወልደዮውሃንስ፡ ሰበ-ስልጣን መንግስቲን ግንባርን፡ ኣዘዝቲ ሰራዊት፡ ኣመሓደርቲ፡ ብኣሽሓት ዝቝጸሩ ኣባላትን ኣወሃሃድቲን 44 ማሕበራት ተጋደልቲ፡ በቦታኦም ምስ ሓዙ፡ እቲ ናይ ዝኽሪ መደብ ብዝኽሪ ሰማእታት መጋረጃኡ ጋሊሁ።

ቀጺሉ፡ ናይ መኽፈቲ ቃል ብኣቦ መንበር ኣወሃሃድቲ ማሕበራት ተጋደልቲ ኣቶ ተስፋይ ቀለታ ቀሪቡ። ኣቶ ተስፋይ ኣብ ዘስመዖ ሓጺር ቃል፡ ንዝኽሪ ሰማእታት ተባሂሉ ዝተዳለወ ስነ-ጥበባዊ መሰናድኦ ንምዕዛብ ንዝተጋብኡ ተሳተፍቲን ዕዱማትን ድሕሪ ምምስጋኑ፡ ቅንያት 20 ሰነ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ምስ ሰማእታቱ ብዓይኒ ሕልና ዝራኸበሉ ረዚን ቅንያት ምዃኑ ገሊጹ። ካብ'ዚ ብምብጋስ ድማ፡ ኑቲ ዓመት መጽኣ ሰማእታትና ንምዝካርን ሙብጽዓና ንምሕዳስን ዘኽእል መደብ ምርኢት ስነ-ጥበባዊ መሰናድኦ ናብ ተዓዘብቲ ንምቕራብ ብኣወሃሃዲ ማሕበራት ተጋደልቲ ኣድላዪ ምድላዋት ከምእተገበረ ኣረዲኡ። ማሕበራት ተጋደልቲ፡ ዓቕሞም ድኹት'ኳ እንተኾኑ፡ ኣብ ወፍሪ ሓምላይ ልምዓት፡ ገረብ ሰማእታት ብምትካል ይሳተፍ ምህላዉ ዝሓበረ ኣቶ ተስፋይ፡ ኣብ ልምዓት ሃገር ንዝተዋፈሩ ሓይልታት ምክልኻል'ውን ከተባብዕ ምጃንሐ ወሲኹ ሓቢሩ። በዚ ደው ከይበለ፡ ታሪኽ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ህያው ኩይኑ ንኽነብር፡ ኣብ ምስናዱ ንጡፍ ተሳትፎ ይገብር ከምዘሎ ብምምልካት ድማ፡ ንመጻኢ ብዝሓየለ መልክዑ ናይ ምቕጻል ስራሕ ከምዝካይድ ኣፍሊጡ። ኣቡቲ ዕለት ንዝተሰናድኡ መደባት ብኽምቲ ዝተወጠኖም ክሰላሰሉ ኩሉንትናዊ ደገፍን ኣበርክቶን ዝተግበሩ፡ ብስነ-ጥበባዊ ክእለቶም ዝማዕረጉን ንዝሰነዱን ወገናት ድማ ኣመስጊኑ።

ድሕሪ መደረ ኣቶ ተስፋይ፡ መደብ ምስምቓር ዜማታትን ንትርጉም መስዋእቲ ዝገልጹ ደርፈታትን ግጥሚታትን ብዝሰፍሐ ቀጺሉ። ኣብ ዝተፈላለያ ጉጅለታት ባህሊ ዝተኣኻኸቡ ስነ-ጥበበኛታት'ውን ንተዓዘብቲ ዝምስጥ ፍርያት ኣቕሪቦም። ገለ ካብኦም ገዳይም ድምጻውያን ኣሕመድ መሓመድ - ብሳሆ፡ መርየም ማሕሙድ - ብትግረ፡ ተስፋህይወት ገብረእየሱስ - ብትግርኛ፡ ኣድም ፋይድ ዓምር - ብናራ፡ ሃይለ ናቲ - ብኩናማ፡ ሁመድ ድሩፍ - ብቡዳዊት ብምዝያም ሓደ ድሕሪ ሓደ ምኡዝ ስርሓቶም ናብ ተዓዘብቲ ኣቕሪቦም። ብርክት ዝበሉ ግጥምታት'ውን ኣካል መደብ ኩይኖም ብገዳይምን መንእሰያትን ገጠምቲ ቀሪቦም። ብሕልፊ 'ሊሎዶ ኢሎምኻ' ብግርማይ ተኽለ ተገጢሙ ብህጻን ቤትኣብ ፍቕረየሱስ ዝቐረበት ግጥሚ፡ ህጻን ቤትኣብ ንልቢ ተዓዘብቲ ብዝምስጥ ኣቕሪቡዋ። ቀጺሎም ዝቐረቡ ስነ-ጥበባዊ ፍርያት ድማ፡ ናብ ዓሚቝ ዝኽሪ ሸሚሞም፡ ብመንፈስ ምስ ሰማእታት ዘራኽቡ'ዮም ነይሮም።

እቲ ዘለዓለ ትርጉም ህይወት፡ ካብ ነፍስኻ ንዝዓቢ ዕላማ ኣበርኪትካ ምሕላፍ'ዩ። ሰማእታትና ድማ ንስስዐ ስጋ ንዒቖም፡ ንናትና ምንባር ትርጉም ዘልበሱን ሰላምን ርግኣትን ሓዲጎምልና ዝኸዱን ሓርበኛታት ብምዃኖም፡ ኣብ ልብና ዘለዓለ ቦታን ክብርን ኣለዎም። ስለ ዝኾኑ፡ ንዝተሰውኡሉ ዕላማ ሕድሮም ከነጽዕ ሕልናና'ዩ ዘቕስቕሰና።





ኣቶ ተስፋይ ቀለታ

እቲ ብኣወሃሃድቲ ማሕበራት ተጋደልቲ ኣብ ቦታ ልምዓት ማይ-ድምኑ ንክልተ ሰዓታት ዝቐጸለ መደብ 20 ሰነ ንድሕሪት መሊሱ ኣብ ትዝታ ዝሸምምን ልቦኻ ዝትንክፍን መደባት ብምቕራብ'ዩ ተዛዚሙ። ነፍሲ-ወከፍ ተሳታፊ ናይ'ቲ መደብ ድማ፡ ኣብ'ዚ ናይ መኹተን ልምዓትን ጉዕዞ፡ ሎሚ'ውን ከም ትማሊ፡ ኣብ ኣሰር ሰእማታትና ጸኒዕና ብምስጓም፡ ሕድሮም ኣብ ምዕራፉ ንምብጻሕ እጃምና ክነልዕል ኢና ዝብል ቅኒት ሒዙ፡ ንናይ ሎሚ ዓመት ዝኽረ ሰማእታት ብሓበን ዘኪሩዋ።

# ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

መድሃኔ ጸጋይ

## ጸብጻብ ዝኽሪ ዓለምለኻዊ መዓልቲ ምምካት ምድረበዳነትን ደርቅን

### "ስሙራት ኣብ ጉዳይ መሬት – ሓድግና፡ ውሑስ መጻኢና!"

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ብደረጃ ዓለም ዓመታዊ ኣብ 17 ሰነ ተዘኪሩ ዝውዕል ዓለምለኻዊ መዓልቲ ምምካት ምድረበዳነትን ደርቅን፡ "ስሙራት ኣብ ጉዳይ መሬት - ሓድግና፡ ውሑስ መጻኢና" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ዕለት 18 ሰነ 2024 ኣብ ኣስመራ፡ ኣዳራሽ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ሃገራዊ ኮንፈደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ፡ እተፈላለዩ መጽናዕታዊ ወረቓቕትን ዓውደ-ዘተ ዘጠቓለለ ጽምብል ኣካይዱ። ናይ ሎሚ ዓምዲ ፍረ-ጻዕሪ ነቲ መዓልቲ ዝገልጽ ጸብጻብ ክሸፍን እዩ።

መሬትን ማይን፡ ህይወት ደኣ'ምበር፡ መሰረታውያን ባእታታት ጥራይ ኣይኮኑን። "መሬት" ኢልና "ማይ"፣ "ማይ" ኢልና ድማ "መሬት" – ክንነጻጽሎም ዘይንኽእል ኣምራት እዮም። ዘላቕነት ህላወ ኵላቶም ህይወታውያን፡ ባህርያዊ ሚዛን ስርዓተ-ማሕድሮኦም፡ ድሕነት ኣከባቢና፡ ኮታስ ቀጻልነት ናይ'ዛ ጸይራትና ዘላ ዓለምን ምልኣት ትሕዝቶኣን፡ ብዘይ ቀጻሊ ክንክን ሓመድን ማይን ክረጋገጽ ዝከኣል ኣይኮነን።

ኤርትራ፡ ብምኽንያት ጂኦግራፊካዊ ኣቀማምጣኣን ቅርጺ መሬታን፡ ሓንቲ ካብ'ተን ብደርቂ ይኹን ምድረ-በዳነት ብቐሊሉ ክጥቃዓ ዝኽእላ ሃገራት እያ። ስለዚ፡ ኣብ ኤርትራ፡ ምዕቃብ ሓመድን ምፍዋስ መሬትን ብቐጻልነት እንተ ዘይተተግቢሩ፣ ከምኡ'ውን እቲ እትረኽቦ ክብን-ለጠቕን ዝመልአ ማይ ዝናብ ብውጽኢታዊ መገዲ እንተዘይተዓቂቡ፡ ዘላቕነት ጽላት ሕርሻን ውሕስነት መነባብሮ ህዝብን ብቐሊሉ ኣብ ምልክት ሕቶ ክወድቕ ናይ ግድን ምኻኑ፡ ብቐሊሉ እንግንዘቦ ሓቂ እዩ።

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ብምኽንያት እቲ ብደረጃ ዓለም ዓመታዊ ኣብ 17 ሰነ ተዘኪሩ ዝውዕል ዓለምለኻዊ መዓልቲ ምምካት ምድረበዳነትን ደርቅን፡ ብ 18 ሰነ 2024፡ "ስሙራት ኣብ ጉዳይ መሬት – ሓድግና፡ ውሑስ መጻኢና" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ኣብ ኣስመራ፡ ኣዳራሽ ሃ.ኮ.ሰ.ኤ. ዓውደ-ዘተ ወዲቡ ነይሩ። ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ወከልቲ ሚኒስትሪታት፡ ዞባዊ ምምሕዳራት፡ ሃገራውያን ማሕበራት፡ ወከልቲ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ፡ ወከልቲ ቤት-ጽሕፈት ፕሮግራም ልምዓት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ፡ እተፈላለዩ ናይ ልምዓት መሻርኽቲ፡ ክኢላታት ሕርሻ፡ ሓረስቶትን ካልኦት ዝምልከቶም ውልቀሰባትን ተረኺቦም። እቲ ዝኽራዊ ጽንብል፡ ወረቓቕቲ መጽናዕትን ኣብ'ዚ ቴማ ዘተኰረ ሰፊሕ ዓውደ-ዘተን እንተላይ እተኻየዱሉ ኣጋጣሚ ምንባሩ፡ ፍሉይነት ነይርዎ።

ብስም ሚኒስትሪ ሕርሻ ወግዓዊ መልእኽቲ ናይቲ መዓልቲ ዘሰምዐ፡




ኣብቲ ሚኒስትሪ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ሕርሻዊ ኤክስቴንሽን፡ ኣቶ ሰመረ ኣምለሶም፡ እዚ ዓመታዊ ዝዝከር ኣጋጣሚ፡ ኵሉ ሰብ ብርሰት ትሕዝቶ መሬት ናብ ንቡር ብምምላስ፡ ንወለዶታት ውሑስ መሬት ንምስግጋር ኣብ ዝካየድ ሓባራዊ ጻዕሪ፡ እወታዊ ተራ ክጻወት ከምዝግባእ ዘዘኻኽር ምኳኑ ገሊጹ።



ኣቶ ሰመረ ኣምለሶም

ኣቶ ሰመረ ኣስዒቡ፡ "ኣብ'ቶም ሃገርና ኤርትራ ከም እምነ-ኵርናዕ ናይ ስትራተጂካዊ ፖሊሲኣ ገይራ ሒዛቶ ዘላ ኣብ ዕዉት ትግባረ ዝርከብን ናይ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ኩነ ናይ ምግራብ ዕማማት፡ ነዚ ዝቕጽል ዘሎ ውሁድ ጽምዶ ክኢላታት፡ ከባብያውያን ኮማት፡ ተማሃሮ፡ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ሰራሕተኛታት መንግስትን መመሊስና ብምሕያል፡ ኣብ ምምካት ምድረበዳነትን ደርቅን ቅልጡፍን ጉሉሕን ውጽኢት ከነምዝግብ እሞ ናይ መጻኢ ወለዶታት ብእወታ ዝዝክርዎ ኣሰር ክንገድፍ እጽውዕ" ኢሉ።

ንቤት-ጽሕፈት ፕሮግራም ልምዓት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ ብምውካል፡ ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ቃል ዘሰምዐት፡ ሚስ ናሺዳ ሳታር ብወገና፡ "ኣብ'ዚ ዝኽራዊ ጽንብል ምስታፍና፡ ብዛዕባ'ቲ ኤርትራ ካብ ፈለማ ኣትሒዛ፡ ብመገዲ ንጹራት ፖሊሲታትን ሰብ ዘማእከሉ ስትራተጂታትን፡ከምኡ'ውን ኣካል ውዕል ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንምምካት ምድረበዳነት (UNCCD) ብምዃን ክትዓሞም ዝጸንሐት መደባት ምምካት ምድረበዳነትን ደርቅን ንኽንላዘብ ጥጡሕ ኣጋጣሚ እዩ" ኢላ። ፕሮግራም ልምዓት ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ኤርትራ ኣብ እተካይዶም ዘላ ጻዕርታት ምርግጋጽ ዘላቒ ሕውየት፡ ከምኡ'ውን ኣከባብያውን ማሕበራውን ፍትሒ ክተሓጋግዝ ንዘለዎ ድሉውነት ድማ ኣረጋጊጻ።

እቶም ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ዝቐረቡ ወረቓቕቲ-መጽናዕቲ፡ ንዕቱብነት ኣተሓሕዛን ተመኵሮን ኤርትራ ኣብ መዳይ ምምካት ምድረበዳነት፡ ምድካይ መሬትን ደርቅን፣ ንኽትትል፡ ትንበያን ጽልዋዊ ግምገማን ኵነታት ደርቂ፣ ንሜላታት ቍጽጽር ጨዋምነትን ምድካይ መሬትን፣ ስርዓታት ክንክን ሕርሻዊ ኣግራብ ኣብ ምምካት ምድረበዳነት፡ ምድካይ መሬትን ደርቅን ንዘለዎም ተራ፣ ከምኡ'ውን ንገረብ ተምርን ኣብ ምምካት ምድረበዳነት ኩነ ክሊማዊ ለውጢ ንዘለዎ ተራን ዝምልከቱ ቴማታት ዘለዎም እዮም ነይሮም። ተሳተፍቲ ድማ ኣብ'ዞም ወረቓቕቲ-መጽናዕቲ ብምምርኳስ፡ ኣገደስቲ ሓሳባት ተለዋዊጦምን ብዕምቈት ዘትዮምን።

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ተማራማሪ ስነ-ፍልጠት ኣከባቢ፡ ክኢላ ስነ-ኣግራብን ምዕቃብ መሬትን፡ ከምኡ'ውን መምህር ላዕለዋይ ትምህርቲ ስነ-ሕርሻ ዘማእከልዎ ሰፊሕ ሓባራዊ ዘተ ተኻዪዱ።

ድሕሪ ዝቐረበ ወረቓቕትን ሓባራዊ ዘተን፡ ተሳተፍቲ ናይ'ቲ ዓውደ-ዘተ፡ ምስ ምድረበዳነትን ደርቅን ኣብ ዝተኣሳሰሩ ግድላትን ዕድላትን ድሕሪ ዘካየድዎም ምይይጣት፦ ፖሊሲ ትሕዘት መሬት ሕርሻ (መለሳ መሬት)፡ ስምዒት ዋንነት መሬት



ሚስ ናሺዳ ሳታር

ብዘሐይል መልክዕ ዳግማይ ዝስርዓሉ መገዲ ክናደ፣ ኣብ ዝምልከተን ኣካላት ውህደት ክሕይል፣ ዘለቕቲ ምንጭታት ጸዓት ንምውሓስ፡ መጽናዕትታት ክሕይሉ፣ ኣብ ምሕደራ ገረብ ተምሪ-ሙሳ ዘተኰሩ ዕቱባት ስራሓት ክዕመሙን እዚ ገረብ ኣብ ሕርሻውን ካልኦትን ረብሓታት ንኽውዕል ህጹጻት ስጉምትታት ክውሰዱን፣ ኣብ ሞንጎ ዝምልከተን ኣካላት ውሁድ ልውውጥ ሓበሬታ ክህሉ፣ ውጽኢታት ምርምራውያን ጽሑፋት ኣብ ሓባራዊ ተጠቃምነት ዝበጽሑሉ መገዲ ክናደ፣ ተታሒዙ ዘሎ መደብ ሃገራዊ ልምዓት ተምሪ ምስ ካልኦት መደባት ናይ ዝምልከተን ኣካላት ተወሃሂዱ ክቕጽል፣ ኣብ ገደናታት ዝሰላሰሉ ንጥፈታት ውሁድ ሕርሻ ኣግራብ ክሕይሉ፣ ማዕረ-ማዕረ ኣብ ከልከልቲ ፖሊሲታት፡ ኣብ ዘላቒ ተጠቃምነት ዘድሃቡ ፖሊሲታት ኣብ ምርቃቕ እውን ኣተኵሮ ክግበር፣ ያታዊ ኣገባብ ውሁድ ሕርሻ መበቆላውያን ኣግራብ ብስነ-ፍልጠታዊ መገዲ ሓዩሉ ክቕጽል፣ ምስ ንጥፈታት ምግራብ ብዝተኣሳሰር፡ ስምዒት ዋንነት ኣግራብ ኣብ ህዝቢ ብሓፈሻ፡ ኣብ ተማሃሮ ድማ ብፍላይ ንኽጐልሕ ጐስጓሳት ክሕይል፣ ሕቶ ዋንነትን ተኽእሎ ተጠቃምነትን ኣግራብ ክምለስ፣ ውጽኢታዊ ዕማማት ዳግመ-ምግራብ ንኽሰላሰሉ፡ ካብ መደበር ፈልሲ ክሳብ ድሕረ-ምትካል ኣግራብ ዝቕጽል ክኢላዊ ክትትል ብስጥመት ክትግበር – ዝብሉን ካልኦትን ኣገደስቲ ርእይቶታትን ለበዋታትን ቀሪቦም።

ብዘይካ'ዚ፡ ተሳተፍቲ ናይ'ዚ ኣጋጣሚ፡ ድሕሪ ናጽነት ኣብ ኤርትራ ንእተሰላሰሉ ሓፈሻዊ ዕማማት ምዕቃብ ሓመድን ማይን፡ ከምኡ'ውን ገስጋስ ህንጻት ከዘንቲ ማያት፡ ዘንጸባርቕ ሓጺር ናይ ተንቃሳቓሲ ስእሊ ሰነድ ተዓዚቦም። ብመልክዕ ተንቃሳቓሲ ስእሊ እተዳለወ እዋናዊ መልእኽቲ ጠቕላሊ ሰክረታሪ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣቶ ኣንቶንዮ ጉተረስ እውን ቀሪቡ።

ዓለምለኻዊ መዓልቲ ምምካት ምድረበዳነትን ደርቅን፡ ንቕሓት ሕብረተሰብ ኣብ'ዞም ጉዳያት ንምዕባይ ዓመታዊ ዝዝከር ኩይኑ፡ ብደረጃ ዓለም ንመበል 30 ግዜኡ ተዘኪሩ ውዒሉ።

***



**ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፡ ኣብ ኩሉ!**

ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብምትሕብባር ዝዳሎ ዓምዲ - ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ ጨ/ህዝባዊ ርክባት፦ ቁ. ቴሌፎን 182225/ 07193674 - ቁ.ሳ.ፖ 1048

ሽባብ
ሃማመተኤ

ኢሃን ምሃን

# ሕድሪ ሰማእታት እንታይ እዩ? መንእሰያት፡ ብኸመይ ኢና ነቲ ሕድሪ እነኽብሮ?



**ሃብቶም ገብረሂወት (ሃማመተኤ ዘባ ሳዋን ትካላት ላዕለዋይ ትምህርትን)**

ትርጉም ዝኽረ ሰማእታት ክንዮ ንሓደ ደቒቕ ርእሰኻ ንታሕቲ ኣቕኒዕካ ምጥማት፡ ነቶም ምእንታና ክብሎ እታ ዘይትትካእ ህይወቶም ዝበጀዉ ሓርበኛታት፡ መስዋእትኹም ንኸንቱ ኣይኮነን ሃገር ኣረኪብኩምና ሓሊፍኩም ኢኹም፡ ዝተኸልኩማ ፍረ ቦቒላ ኣብ ዕምባባን ፍረን በጺሓ'ያ እሞ ቅሰኑ፡ እቲ ንስኻትኩም ዝተሰዋእኹምሉ ዕላማ ድማ ክዉን ኮይኑ፡ ንምቕጻሉን ኣብ'ቲ መዕረፊኡ ንኽበጽሕን ከኣ ካባና ዝሕተት ዘበለ ብዘይ ግብዝናን ተጉላባነትን ውህደትና ውህደት ሓውን ሓጺንን፡ ምትሕውዋስና ማይን ጸባን ኮይኑ ኢደይ ኢድካ ኢልና ሃገርና ክንሃንጽ ወትሩ መብጽዓና እንሕድሰሉ ኣጋጣሚ'ዩ።

***

**ሚኪኤል እያሱ (ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ኀስኳስን ሓበሬታን ሜካ 74)**

ዝኽረ ሰማእታት ኑብሰ ሕቶ'ዩ። እቲ ሕቶ ድማ "እንታይ ኢኻ ትገብረላ ዘለኻ ነዛ ሃገር?" እዩ ዝብል፡ ግን ካብ መን ዝመጸ ሕቶ'ዩ? ካብቶም ትንፋሶም ሂቦም ትንፋስ ዝሃቡኻ ሰማእታት ዝመጽእ ሕቶ'ዩ። ብትንፋስና እናስተንፈስካ ነዛ ሃገር እንታይ ትገብረላ ኣለኻ እናበሉ ደጋጊሞም ኣብ ዝኽረ ሰማእታት ይሓቱ። ትሃንጸ ዲኻ ተፍርሳ፡ ትሰርቃ'ዶ ትምልኣላ፡ ትድውናዶ ተድምቓ፡ እናበሉ ደጋጊሞም ኣብ ውሽጥና ኾይኖም ንውሽጥና ዝሓቱሉ ኵነት'ዩ። ስለዚ ዝኽረ-ሰማእታት ብሕልናዊ መገሻ ምስ ሰማእታትና ተራኺብና እንምዝነሉ መድረኽ'ዩ። ሕልና ዘይብሉ ሰብ ምስ ሰማእታት ክራኸበሉ ዝኽእል ዕድል የብሉን። ንሰማእታቱ ዘየኽብር ሰብ ክኣ ዓዲ የብሉን፡ ምኽንያቱ ሃገር መሬት'ያ፡ መሬት ክኣ ብስጋ ሰማእታት እያ እትቐውም። ህዝባ ኽኣ ብዝለገስሉ ትንፋስ የስተንፍስ። ስለዚ ኢና ኽኣ መዓልቲ ናጽነት ሃገርና ሓመድ እናሓፈስና ነብዕላ ዝነበርና፤ ምኽንያቱ ሓመድ ኤርትራ ብደምን ስጋን ሰማእታት ዝቖመ'ዩ። ንሕና ኽኣ ብትንፋሶም ነስተንፍስ።

መብዛሕትኡ ኣብ ሃገራዊ በዓላትን ህዝባዊ ኣኼባታት ይኹን ካልእ ኣጋጣሚታትን ኢና ዝክረ ሰማእታት ንገብር። እዚ ዝኽሪ እዚ ዝኽሪ ሓበንን ጽንዓትን፡ ዝኽሪ ሕድርን እዩ። ሰማእታትና ስለ ሃገርን ህዝብን በጃ ስለዝሓለፉ ኢና ኽኣ ኣብ ህዝባውን ሃገራውን ምትእኽኻብ ንዝክሮም። ስለዚ ዝኽረ ሰማእታት ማለት ሰማእታትና ንዘልኣለም ኣብ ልብና ምህላዎምን ሕድሮም ንምትግባር ከኣ ኣብ ኣሰሮም ከምዘለናን መብጽዓና ንምሕዳስ'ዩ።

***

**ኣሚራ ሰናይ (ሚ/ ትምህርቲ፡ ኣማኻሪት ስነልቦና)**

ኪንዮ ሰማእታትና ምዝካር ዝኸይድ ሰፊሕ ትርጉም እዩ ዘለዎ። እዚ እታ ኩልና ኣብ ነፍሲ-ወከፍ መመልከቲ ወረቐት ጽሒፍና ምስ ዛዘምና እነቐምጣ፡ ሰማእታትና ክብጀዉ እንከለዉ በታ ትልኽ ትብል ናይ መወዳእታ ትንፋሶም እናተጻዕሩ፡ ብዓቢ ኒሕ ግን ከኣ ብትሑት ልሳኖም ዘድምጹዋ፣ እሞ ንሕና'ውን ዝኽረ ሰማእታትና ገይርና ምስ ወዳእና ብዓውታ እነድምጻ ሓረግና ክንርድኦ ንኽእል - ዓወት ንሓፋሽ! ሓፋሽ ክዕወት ስለ ዝተደልየ እዮም እቶም ሰማእታትና ተበጂዮም። ንሕና'ውን ሓፋሽ ክዕወት ስለ እንደሊ ኢና ዝኽረ ሰማእታት እንገብር። እዚኣ እያ እታ ምስጢር፣ እዚኣ እያ እታ ሕድሪ።

ብኻልእ ሸነኹ፡ ሰማእታትና ክዝከሩ ስለ ዘለዎም ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ኩሉ ንገብሮ ንጥፈታት ኣካልና ንሳቶም ምዃኖም ንምርግጋጽን ንምርኣይን እውን ኢና ዝኽረ ሰማእታት እንገብር። ንሳቶም በስመኣብና፡ ንሳቶም ቢስሚላህና። ተባሪኽናን ተቐዲስናን ንኽንውዕል ኢና እንገብሮ። ዝኽረ ሰማእታት'ዩ ናብ ሓደ ዘጠምረና። ንሳቶም እዮም ሓድነትና። ንሳቶም እዮም ኣክብትና። ኣብ ዕላማና ቀጥ ኢልና ከም ዘለናን ትንፋሶም ንሻላ ከም ዘይጠፍኣን ንምርግጋጽ ኢና ንገብር። ኣካልናን ወትሩ ኣብ ልብናን ከም ዘለዉን ንምስትንታንን ኢና ዝን እንብል። ዘኪርና ክንሓዝን ዘይኮነስ ኑብስና ንፍትሸሉን ዕላማና ነሐድሰሉን ኣጋጣሚ'ዩ።

***

**ፊዮሪ ተስፉ (ማ/ቤ/ጽ/ ሃማመተኤ)**

ኩሉ እንዓሞ ስርሓት ብቕንዕናን ልቦናን ንምፍጻም፤ ነዞም ፍሉያት ፍጥረት ዝኾኑ፡ ብመስዋእቶም ዝረኸብናያ ሃገር፣ መንነት፣ ሰላም፣ ቁጠባዊ ዕቤት፣ ትምህርቲ፣ እነገብሮ ምዝንጋዕ፣ እንሰርሖ ዘሎና ስራሕ፣ መስሪትናዮ ዘሎና ስድራ፣ ወኒንናዮ ዘሎና ቤት፣ ኣብ ገዛውትና እንትግብሮ ንግደት ወዘተ. ክዉን ክኸውን ህይወቶም ንዝኸፈሉልና ምዝካርን፡ ውዕለቶም፡ ባህሎምን ክብርታቶምን ንምውራስን ዝግበር መስርሕ እዩ ንዓይ።

ብሕልናና ወትሩ ንምዝካሮምን ዝወደቑሉ ዕላማ ብምስትንታን ንምትግባርን ዝኽረ ሰማእታት ንገብር።

***

**ግርማይ ኣብርሃም (ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሃኮሰኤ)**

ዝክረ ሰማእታት ናይ ሓንቲ ደቒቕ ዝኽሪ ሰማእታት'ዩ። ኣብ ካልእ ሃገራት ርግጸኛ ኣይኮንኩን፡ ኣባና ግና ኣብ ነፍስወከፍ እንገብሮ ኣኼባ ወይ ምትእኽኻብ ዝኽረ ሰማእታት ከይገበርካ ዝሕለፍ ኣይኮነን። እቲ ኣብኡ ዝፍጠር ጸጥታ ናብ ጥልቀት ውሽጥኻ ሒዙካ ዝዕዘር'ዩ። ዕምቈት ከኣ ኣለዎ። ጸጥታ ክነሱ፡ ዓቢ ደወል ምንቕቓሕን ክምለስ ዘለዎ ሕቶ ኣብ ቅድሜኻ ዝውርመልካ ህሞትን'ዩ። ኣብ ዝሃለኻ ሃሉ፡ ዝሃለወ ዓቕሚ ይሃልኻ፡ ሓላፍነትካ ትዋጽእ ኣሎኻን ኣየሎኻን፣ ተግባርካ፡ ሓሳብካን ኣንደበትካን ሰማእታት ሕመረት ዝገበረ ድዩ ኣይኮነን ዝሓትት ህሞት'ዩ።

***

**መምህር ኪዳነ ሽሞንዲ (ቤት ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎ)**

ዝኽረ-ሰማእታት ሓደ ካብ'ቶም ንኽብሪ ሰማእታና ንምግላጽ ዘማዕበልናዮ ባህሊ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ፣ ኣሳእል ሰማእታቱ ኣብ ቤቱ ብምስቃል፡ ንውሉዳቱ ብስም ሰማእታቱ ብምጽዋዕ፡ ኣብ መኽፈትን መዕጸውን ኩሉ ንጥፈታቱ ከም ጸሎት ርእሱ ንመሬት ኣድኒኑ ብመንፈስ ምስ ሰማእታቱ ብምትእስሳር፣ ንሰማእታቱ ይዝክር። ከምቲ ሱር ዘይብላ ገረብ ሂወት ዘይብላ፣ ምስ ባህልን ክብርታትን ሰማእታቱ ብዝኽርን ግብራዊ ስራሕን ዘይተኣሳሰር ሓፋሽ መጻኢ የብሉን። ዝክረ ሰማእታት፣ ንመሳርዕ ሓፋሽ ሓድነት ዝፈጥር ፍሉይ ባህሊ'ዩ። ትርጉሙ፡ ኣለና ኣብ ሕድርኩም ቅሰኑ ሰማእታትና'ዩ!። ነቲ በጃ ዝሓለፍሉ ዕላማ ብምዝካር፣ ጉዕዞ ሓፋሽ ብመንጽር ሕድሮም ብምምእዛን፣ ሕድሮም ክዉን ንምግባር ብዘለና ዓቕሚ ከም ንሰርሕ፣ ብደሞምን ዓጽሞምን ምምሓል'ዩ።

ዝክረ ሰማእታት ካብ ምርሳዕን ምዝንጋዕን ዘድሕነና ጥበብ እዩ። ዝኽረ-ሰማእታት ምስ ሰማእታትና ብመንፈስ እነውግዓሉ ኣተኣሳሳሪ ገመድ እዩ።

***



**ፊልማዊት መዓሾ (ሚኒስትሪ ሕርሻ)**

ንሰማእታትና፡ ኩሉ ሳዕ ኣብ ልብና፣ ናብራና እንገብሮ ንጥፈታት ኮታስ ኩሉ ህይወትና ንዓኣቶም ንምዝካር ኣይረሳዕናኩምን፡ ውዕለትኩም ኣይተረስዐን እንብለሉ እዩ። በቲ ኻልእ ድማ እቲ ንሳቶም ዘሰከሙና ወይ ዘሕለፉልና ሕድሪ ንገዛእ ርእስና ኩሉ ግዜ ንምዝኽኻር እዩ ትርጉሙ። ስለዚ እዩ ኸኣ ኣብ ዝኾነ ሓቢርና ወይ ተኣኪብና እነካይዶም ንጥፈታት ብዝክረ ሰማእታት እንጅምር። ብተወሳኺ ኤርትራ እትበሃል ሃገር ሰቕ ኢላ ከም ዘይመጸት፡ ብዙሓት ጆጋኑ ህይወቶም ዝሓለፉላ፡ ጌና'ውን ሉኡላውነታ ከይድፈር ሂወቶም ዝኸፍሉላ ዘለዉ ሃገር ምዃና ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ታሪኽ እነሰጋግረሉ መንገዲ እዩ። 20 ሰነ ዋላኳ ሓንቲ መዓልቲ ኣብ ዓመት ንዝኽሪ ሰማእታት ተባሂላ ብሃገር ደረጃ እንተ ተወሰነት፡ በዛ ዝክረ ሰማእታት ጌርና ወትሩ ብሓሳብን ሕልናን እንዝክረላ ኣጋጣሚ እዩ።

***


**ፎኣድ መሓመድ (ኣባል ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ)**

ተግባራቶምን ውዕለቶምን ብምዝካር፡ ወትሩ ኣብ ልብናን ቀልብናን ኣለኹም ማለት'ዩ። ብእኩብ ደው ኢልና ናይ ሓደ ደቒቕ ዝኽረ ሰማእታት ክንገብር ከሎና፡ ኣብኣቶም ዘሎና ኣኽብሮት ንምግላጽን፡ ንሳቶም ዘሰከሙና ሓደራን ሓላፍነትን ክንትግብር ምዃንና ቃል ንምእታውን እዩ።

***









ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

## መበል ዓሰርተ ሸሞንተ ክፋል

ብሰሜናዊ ሸነኽ ጀሚሮም ድማ ንሸነኽ ደቡብ ፈተሹ። ኣብ ጽርግያ መስተርሆት ብዘይካ ሓደ ህበይ ካልእ ህበይ ብዘይ ምርኣዮም ኣዘራረበም። ኣብ ጽርግያ መስተርሆት ብዙሓት ኣህባይ ዘይምርኣዮም ተገረሙን ተዘራረቡን። ኣብ ክትዕን ዕላልን እንከለዉ ድማ ደቡባዊ ጫፍ በጽሑ። ዘቖሻ ሕማቕ ነገር ኣይረኸቡምን።

ብሰላም ብምብጽሖም ኣመና ኣገሪምዎም እንደገና ካብ ደቡባዊ ጫፍ ናብ ሰሜናዊ ጫፍ ክበጽሑ ተበገሱ። ከባቢኦም እናፈተሹ ህበይ ዳዉ ኣብ ዘለዎ ከባቢ በጽሑ።

ህበይ ዳዉ ብሓገስ ጉድጊ ጉድጊ እታ መኪና ጉየየ። ኣመሓደርቲ ሸውዓተ ዓድታት ንህበይ ዳዉ ተገሪሞም ፈተሽዎ።

"እዚ ህበይ ንበይኑ እዩ ዘሎ። ሓንሳብ እስከ ቀስ በል ኣብ ጁባይ ንእሽቶ ቅጫ ኣላትኒ'ሞ ክህቦ" እናተዛረበ ካብ ጅባኡ ቅጫ ኣውጺኡ ብመስኮት ናይታ መኪና ተቐልቂሉ ንህበይ ዳዉ ሰንደወሉ።

ህበይ ዳዉ ብሓገስ ነታ ቅጫ ካብ መሬት ኣልዒሉ ደው ኢሉ ክበልዓ ጀመረ።

እቶም ንህበይ ዳዉ ዝኸታተሉ ዝነበሩ ክልተ ኣህባይ መግቢ ምስ ተደርበየ ሓደ ካብኣቶም ተንሲኡ ናብ መልእኽተኛ ጉየየ። መልእኽቱ ድማ ኣብጽሐ።

መልእኽተኛ መልእኽቱ ከብጽሕ ናብቶም ሰለስተ ጉየየ። ናብቶም ሰለስተ ምስ በጽሐ ድማ፡ "እዛ እትመጽእ ዘላ መኪና መግቢ ሂባ ኣላ ሃየ መገዲ ዕጸዉ።" እናላህለሀ መልእኽቱ ኣመሓላለፈ።

## ጽውጽዋይ

## ብጻዕርኻ ምንባር...



"ሕራይ መልእኽተኛ ንሕና ከኣ ከም ልምድና ጽርግያ ክንዓጹ ኢና። ንኺድ፣" ሓደ ካብቶም ሰለስተ እናተዛረበ ናብ ጽርግያ ገጹ ጉየየ። እቶም ክልተ ሰዓብዎ።

መልእክተኛ ብስርሖም ተሓጒሱ ክሳብ ጽርግያ ዝበጽሑ ተዓዚብዎም ካልእ መልእኽቲ ከመይመጽእ ናብ ቦታኡ ተበገሰ።

እቶም ሰለስተ ኣፍቶም ኣእማን እናደፍኡ ጽርግያ ዓጸዉ። ስርሖም ድሕሪ ምፍጻም ናብቲ ከውሊ ቦታኦም ተመልሱ።

ኢጋጥሚ ኮይኑ ሓደ በዓል መኪና ነቶም ሰለስተ ኣህባይ ካብ ርሑቕ ርእዮም። ቀስ እናበለ ድማ ናብቲ ዝተዓጽወ ጽርግያ በጽሐ። ብቐሊሉ እቶም ኣህባይ እናተገረመ ካብ መኪናኡ ብፍርሒ ወሪዱ ነቶም ኣህባይ ክርእዮም ፈተነ። እንተኾነ ግን ተሓቢኦም ስለዝነበሩ ክርእዮም ኣይከኣለን።

ኣመሓደርቲ ኣብቲ ዝተዓጽወ ጽርግያ በጽሑ። ካብ ትጽቢቶም ወጻኢ ድማ ጽርግያ ተዓጽዩጸንሖም። ኩሎም ካብ መኪና ወሪዶም ነቲ ኩነታት ክምርምሩ ተዳለዉ።

ነቲ ኣንጻርም ዝመጽእ ሰላምታ ለጊሶም ቀረብዎ።

"ዓንተቦይ ክንሓልፍ እንከለና ጽርግያ ነጻ ነይሩ። ሕጂ ስለምንታይ ተዓጽዩ?" ሓደ ካብቶም ኣመሓደርቲ ነቲ ከባቢ ጽቡቕ ገይሩ እናፈተሸ ተዛረበ።

"ኣነ'ውን ገሪሙኒ ኣሎ! ግን ገለ ነገር ኣሎ፣" ካልእ ኣመሓዳሪ ምግራሙ ገለጸ።

"እዚ ጽርግያ ሰለስተ ኣህባይ እዮም ዓጽዮምዎ። ኢጋጥሚ ኮይኑ ኣነ ቀስ ኢለ እመጽእ ነይረ። ሰለስተ ኣህባይ እናጉየዩ መጺኦም ዓጽዮሞ ተመሊሶም። በዛ ንእሽቶ ጎቦ ተሓቢኦም ኣለዉ፣" ነቶም ኣህባይ ዝረኣየ ዝተዓዘበ ገለጸ።

"እዚ ጉዳይ ኣህባይ እዮም ገይረሞ? ብዓይንኻ ርኢኻዮ?" ካብቶም ኣመሓዳሪ ተገሪሙ ሓተተ።

"እወ ብዓይነይ ርእየዮም፣ ካብዚኣ ኾይ" ናብታ ዝተሓብኡላ ጎቦ ኣመልኪቱ፡ "ብጕያ መጺኦም ጽርግያ ዓጽዮም ብጕያ ናብኣ ተመሊሶም፣" እናበለ ዝተዓዘቦ ኣብርሃሎም።

"ጽቡቕ ኢጋጥሚ እዩ። እንቋዕ ካልእ ኣይሃሳ እምበር ኣህባይ ምኻኖም ዘቕሰን እዩ። ግን ስለምንታይ ዓንተቦይ ከይዓጸዉ ኣሕሊፎምና ሕጂ'ኸ ስለምንታይ ዓጽዮሞ? እዚኣ እያ ትገርመኒ ዘላ። ገለ ፍሉይ ዝገበርናዮ ነገር ኣሎ ድዩ?" ሓደ ካብቶም ኣመሓደርቲ ዝተፈልየ ነገር ክዝክር እናፈተነ ተዛረበ።

"እወ፣" እቲ ቅጫ ዝደርበየ ኣመሓዳሪ ክዛረብ ጀመረ፡ "ሕጂ ክንመጽእ እንከለና ኣነ ንእሽቶ ቅጫ ነቲ ህበይ ሂበዮ ነይረ። እዚኣ እያ ዝተፈልየት ዝገበርናያ፣" ተዛሪቡ ሰቕ በለ።


"ሕራይ ንስኻኸ እንታይ ዝገበርካዮ ነገር ኣሎ?" ሓደ ካብ ኣመሓደርቲ ነቲ በዓል መኪና ሓተቶ።

"ኣነ ድኣ ዋላ ሓንቲ ዝገበርኩዎ ነገር የለን። ምናልባት ግን ምስዛ እዚ ኣመሓዳሪ ዝተዛረባ ምትእስሳር ከይህልዋ፣ ኣብዚ ከባቢ ኣህባይ ካብ ዘይመጽኡ ነዊሕ ገይሮም ኣለዉ፣" እናበለ በዓል መኪና ሓሳቡ ኣካፈለ።

ኩሎም ኣመሓደርቲ ኣብ ሓሳብ ጡሓሉ። ነፍሲ ወከፎም ድማ ኣብ ሓሳቦም ተጸምዱ። ኣብ መወዳእታ ተሓጊዞም ነቲ ኣእማን ካብ ጽርግያ ኣለይዎ።

ይቕጽል

## ሕቶ እተመሳቐለ ቃላት




### ንትኹል

2. ምዕያይ
3. መዝመዘ፡ ኣውጽአ፡ ጓሕጒሐ
5. ዘይትኽክልነት
6. ጭውጭው በለ፡ ዝሕልሕል በለ
8. ሰርሐ፡ ወድአ
9. ኣበራትዐ፡ ኣቕሰነ፡ ኣህድአ
10. ተሰማምዐ፡ ተፈላለጠ
11. ተኻዕወ
13. በጃ ካልኦት ምሕላፍ

### ንጋድም

1. ግሎብ፡ መሬት
3. መላጥ፡ ነዃዕ
4. ኣዕገርገረ፡ ሰላም ከልአ
5. ፋሕ ዝበለት 'ሕዘል'
7. ተልግሰ፡
9. ኣኣንፈተ፡ ሓበረ
12. ኣጸበቐ፡ ኣማዕረገ

## ዝኽሪ 20 ሰነ

ፍትዋት ተማሃሮ መበል 33 ዓመት መዓልቲ ናጽነት ሃገርና ኣብ ወርሒ ግንቦት ኣብዒልና ነይርና። እዛ ናጽነትና ብኸመይ ከምዝመጽኣት ካብ ወለድኹም ወይ ካብ መምህራንኩም ፈሊጥኩም ከምዝለኹም ርግጸኛታት ኢና።

ንኤርትራ ሃገርና ካብ መግዛእቲ ናጻ ንምውጻእ ዓሰርተታት ኣሽሓት ኤርትራውያን ተሰዊኦም እዮም። ንሕና ድማ ኣብ ናጻ ሃገርና ከም ድላይና ናጻ ኳይንና ንነብር ኣለና።

ነቶም ናጽነት ዝሃቡና ሰማእታት ወትሩ 20 ሰነ እንዝክረላ መዓልቲ እያ። ኣብ ቤትና፡ ቤት ትምህርትና፡ ኣብ ጉድና ብምኳን ሽምዓ ብምብራህ ንዝክሮም። እዛ መዓልቲ ካብተን ኩለን እንበዕለን መዓልታት ዝረዘነት እያ።



ነቶም ንዓና ብርሃን ክህቡ ከም ሽምዓ ዝመኸኹ ሰማእታት፡ ብሓበን ኢና ንዝክሮም። ሰማእታት ኣብ ውሽጢ ልብና ስለዝኾኑ ሰፊርም ወትሩ ንዝክሮም። ንስኹም እውን ነዞም ሰማእታት ዝሃቡና ሃገር ተማሂርኩም ኣብ ዝለዓለ ከተብጽሕዋ ሓላፍነት ኣለኩም። ከም'ዚ እንተገይርኩም ሰማእታትና ወትሩ ቅሱናት ይኾኑ።



እዚ ዕላማ ንምትግባር እዩ፡ ነታ ዘይትምለስ ህይወቶም ንሰለና ወፍዮም። ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና!!

ተማሃሮ መዋእለ ህጻናት ንዕስራ ሰነ መዓልቲ ሰማእታትና ዝፍለይ ጽንብል ከመይ ከምዝዘከሩዎ ተዓዚብና ነይርና።

እታ ዝበጽሓናያ መዋእለ ህጻናት፡ ማይደስ መዋእለ ህጻናት ትበሃል። ተመሃሮ እዛ መዋእለ ህጻናት ንዕስራ ሰነ ዘንጸብርቑ መዝሙር፡ ግጥምታት፡ ከምኡ'ውን ናይ ሽምዓ መደብ ብምግባር ብኣዝዩ ድሙቕ ጽንብል ኣካይደዎ።

ንተመሃሮ ብዛዕባ ዕስራ ሰነ ኣብ ዝሓተትናሉ ዝሃቡና ተመሳሳሊ እዩ። "ዕስራ ሰነ መዓልቲ ሰማእታትና፡ ሰማእታትና ናጽነት ዝሃቡና እዮም፡ ንሰማእታት ወትሩ ክንዝክሮም ኣለና፡ ቅሰኑ ሰማእታትና፡ ...." ዝበሉ እዮም። 'ቅሰኑ ሰማእታትና' እትብል መዝሙር ድማ ብዓውታ ዘሚሮም።

ኣኣብ ዘለና ንዕስራ ሰነ ብኽብሪ ነብዕላ፡ ነዞም ብሰማእታት እተረኽበት ናጽነት ንኽብንሕልዋ ሕድሪ ኣሎና። ቅሰኑ ሰማእታትና!!

### ኣቦሓጎይ ጅግና

ዎ ኣቦሓጎይ ጅግና ወትሩ 20 ሰነ
እዝክረካ ምስ ኩሎም ሰድራ ኮይነ
ኩሉ ከዕልል ብዛዕባ ጅግንነትካ
ኣዝየ እቐንእ ዘይኮንኩ ንስኻ
ኣቦሓጎይ ጅግና ወትሩ ተዘካሪ
እንሆ ታሪኽካ ከም ማይ ይዛሪ
ታሪኽካ ክጽሕፎ እነኹ ጀሚረ
ኩሉ ክመሃረሉ እቲ ዘይወዓለ
ኣቦሓጎይ ጅግና ኣብ ልቢ ሰፊርካ
ኩሉ ጸዊዑ ዘይጸግብ ንስምካ
ኣነስ ቀኒኤ ክዝክር ከማኻ
ወትሩ ድሉው ኣለኹ ክስዕብ ኣሰርካ!!
ኣቦሓጎይ ሰዉእ ጅግና
ዝሓለፍካ ክንነብር ቀሲንና

ዊንታ ሓጐስ
ኣስመራ

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና!!

# ንቑሕ ደበና

ሄለን መኾታ

## ጥበባት 21 ዘመን

1ይ ክፋል

ብብመዋእሉ፡ ኣከባብን ኩነታትን ብዝደረኾ ምኽንያት፡ ሰባት ዝተፈላለየ ጥበባት ተማሂሮምን መሊኾምን ይርከቡ። ኣብቲ ሕብረተሰብ ብሃድንን ምምእራርን ዝናበረሉ ዝነበረ መዋእል፡ ውሕስነት ህይወቶን ክሕልዉ ኣብ ኣካላዊ ሓይሎ ይምርኰሱ ነይሮም። ድሒሩ፡ ኢንዱስትራዊ ሰውራ ዝመርሖ ለውጥታት፡ ብኸፊል ካብ ኣካላዊ ናብ ኣእምሮኣዊ ሓይሊ ክሰጋገር ተራእዩ። እዚ ዘለናዮ ብመዋእለ ሓበሬታ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ምስ ምምሃዝ ኣርተፊሻላዊ ብልሒ፡ ኩሉ ኣካላዊ ሓይሊ ዝጠልብ ዕዮ፡ ብሮቦት ወይ ብማሽን ተተኪኡሉ ዘሎ እዩ። ኣብ መዋእለ እምኒ ዘድልዩ ዝነበሩን ሕጂ ኣብ መዋእለ ሓበሬታ ዝጥለቡ ዘለዉን ጥበባት ሓደ ክኾኑ ኣይክእሉን እዮም። ምስ ነፍሲወከፍ ለውጢ ኣከባብን ኩነታትን፡ ቅዲ ኣነባብራን ባህልን ክቕየር ግድን ይኸውን። በዚ ምኽንያት ከኣ፡ ሰብ ካብ ኣካላዊ ሓይሊ (ናይ ፈለማ መዋእላት) ናብ ብልሓዊ ጥበባት (ናይ ኢንዱስትራዊ ዘመን) ተሰጋጊሩ፣ ሕጂ ኸኣ ናብ ዲጂታላዊ ጥበባት ክሳጋገርን ክርዕምን ይረአ ኣሎ። እዚ ለውጥታት፡ ኣብ ተክኒካዊ ጥበባት ጥራይ ዝተደረተ ኣይኮነን። ሰብ፡ ካብ ልምዳዊ "ረቂቕ ጥበብ" (soft skill)፡ ናብዚ ሕጂ "ጥበብ ሓይሊ" (power skill) ተባሂሉ ዝፍለጥ ዝተራቐቐ ጥበባት ዘካተት ብቕዓት ይፈልቕ ከም ዘሎ ግሁድ እዩ። ኣብ መወዳእታ 20 ዘመን ክሳዕ 21 ዘመን፡ ሕብረተሰብ ብተክኖሎጂኣዊ ምዕባለታት ኣቢሉ ማሕበረ-ቁጠብኡ ቀይሩ እዩ። ቁጠባዊ ለውጢ ዝጸልዎ፡ ትካላት ዝጠልብኦ ዓቕሚ ሰብ'ውን ካብ ግዜ ናብ ግዜ ምስቲ ዘሎ ለውጥታት ዝዛመድ ጥበባት ዘለዎ ክኸውን ጀሚሩ። በዚ መንጽር ስርዓተ-ትምህርቲ'ውን ምስ ዘሎ ምዕባለ ክስጉም ሰለዘለዎ፡ ቤት ትምህርትን መሰልጠኒ ማእከላትን ህሉውን መጻእን ኩነታት ዝሓቶ ጠለባት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ተመሃሮኦን ዘደሊ ጥበብን ፍልጠትን ከዕጥቓ ጀሚረን ይርከባ።

ጥበባት 21 ዘመን፡ ኣብ 21 ዘመን ዕዉት ኴንካ ክትወጽእ ዘገልግሉ ጥበባት፡ ክእለታትን ናይ ትምህርቲ ዝንባለታትን የጠቓልል። ተመሃሮ ዘድልዮም ጥበባት ዓጢቖም ኣብዚ ብተዓጻጻፊ ፍጥነት ዝለዋወጥ ዘሎ ዲጂታላዊ ሕበረተሰብ፡ ብኸመይ ዕዉታት ኮይኖም ይወጽኡ ብዝብል ዕላማ ዝተፈላለየ ጥበባት ሓቝፉ ይርከብ። ኣብ ዝተፈላለየ መወከሲታት ብሽም "ጥበባት 21 ዘመን" ነዚ ዘለናዮ እዋን ከዕውቱና ይኽእሉ ተባሂሉ ብርክት ትሕዝቶታት ተዘርዚሩ ርኢና ንኸውን ኢና። እተን ብተደጋጋሚ ዝጥቀሳ ግን ዓሰርተ ኽልተ ጥበባት እየን። ህየሳዊ ኣተሓሳስባ፡ መሃዝነት፡ ምትሕብባር፡ ምብህሃል፡ ምጥፋእ መሃይምነት ኣብ ሓበሬታ፡ ምጥፋእ መሃይምነት ኣብ መራኸቢ ብዙሓን፡ ምጥፋእ መሃይምነት ኣብ ተክኖሎጂ፡ ተዓጻጻፍነት፡ መሪሕነት፡ ተበግሶ፡ ኣፍራይነት፡ ከምኡ'ውን ማሕበራዊ ጥበባት። እዘን ዓሰርተ ኽልተ ጥበባት 21 ዘመን፡ ብመንጽር ኣብ ውሽጠን ዘጠቓልልኦ ትሕዝቶ፡ ኣብ ሰለስተ ጉጅለታት ወይ ምድብ፡ ተኸፋፊለን ይርከባ፤ I- ምህሮኣዊ ጥበብ፡ II- ጥበብ ምጥፋእ መሀይምነትን III- ጥበብ ህይወትን።

I- ምህሮኣዊ ጥበብ፤ ኣብዚ ምድብ ዝርከቡ ጥበባት እቶም ቀዳሞት ኣርባዕተ ማለት፡ ህየሳዊ ኣተሓሳስባ፡ መሃዝነት፡ ምትሕብባርን ምብህሃልን ኮይኖም፡ ንእምሮኣዊ ምዕባለ ሰብ ብምጥቃ፡ ኣብዚ ምዕቡል ናይ ዕዮ ሃዋህው ብኸመይ ዕዉታት ንኸውን ይሕግዙ።

II- ጥበብ ምጥፋእ መሃይምነት፤ ተመሃሮ ወይ ሰራሕተኛታት ኣብ ቅድሚኦም ዝርከብ ሓበሬታ፡ ዝሕተሙ ሰነዳትን ተክኖሎጅን ብኸመይ የለልይዎን ኣብ ጥቕሞም የውዕልዎን ዝሕግዙ ጥበባት እዮም። ምጥፋእ መሃይምነት ኣብ ሓበሬታ፡ ምጥፋእ መሃይምነት ኣብ መራኸቢ ብዙሓን፡ ምጥፋእ መሃይምነት ኣብ ተክኖሎጂ፡ ዝኣመሰሉ ጥበባት ኣብዚ ምድብ ንረኽቦም።

III- ናይ ህይወት ጥበብ፤ ኣብዚ ምድብ ተጠቓሊሎም ዝርከቡ፡ ተዓጻጻፍነት፡ መሪሕነት፡ ተበግሶ፡ ኣፍራይነት፡ ከምኡ'ውን ማሕበራዊ ጥበባት ኮይኖም፡ ንዘይተጨባጢ ብቕዓት ሰብ ብምስሓል፡ ኣብ ውልቃዊ ይኹን ሞያዊ ጉዕዞኦም ዓወት ንምጉንጻፍ ይሕግዙ።

እዞም ኣብ ሰለስተ ምድብ ተኸፋፊሎም ዝርከቡ 12 ጥበባት፡ ገሊኦም ካብ ፈለማ ፍልቀት ሰብ ዝነበሩ፣ ገሊኦም ከኣ ምስ ምዕባለ በብግዜኡ ዝፈለቑ እዮም። ኣብዚ ዘመን፡ እዞም ጥበባት ብምውናን ዓወትና ርጉጽ እዩ ኢልና ዋላ 100% መብጽዓ እንተ ዘይኣተና፡ እዚ ዘመን ኣዳልይዎ ዝርከብ ብድሆታት ንምግጣም ድልውነትና ይረጋግጽ። እዞም ጥበባት ሓቝፎሞ ዝርከቡ ክእለታት እምበርኣ ብበሓደ ክንርኢ፤

### 1. ህየሳዊ ኣተሓሳስባ



ህየሳዊ ኣተሓሳስባ፡ ሓደ ካብቶም ኣገደስቲ ረቛሒታት ናይ ሎሚ ዘመን ሞያዊ ህይወት ኮይኑ ይርከብ። ዘለናዮ እዋን "ብዘመነ ሓበሬታ" ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ካብ ብዝሒ ሓበሬታ ዝተላዕለ ከይንህውትትን መረጽቲ ክንከውንን እዚ ጥበብ ይሕግዘ። ናይዚ ዘመን በዳህቲ ትርእዮታት ኮይኖም ዝርከቡ ናይ ሓሶት ዜናን ጌጋ ሓበሬታን ንምቅላስ ዘድልዩ ዕጥቅታት ንምትንታን፡ ሕቶ ምሕታትን ምግምጋምን የጠቓልል። ህየሳዊ ኣተሓሳስባ፡ ንዘጓንፉና ብድሆታት መፍትሒ ንምንዳይ ዘድልየና ናይ ኣተሓሳስባ ጥበብ እዩ። እዚ ጥበብ፡ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ዝመሓላለፍ፡ ካብ ቅድም ዝጸንሐ ጥበብ እዩ። ይኹን እምበር፡ ካብቲ ቅድም ዝነበሮ ዝፈልዮ ረቛሒታት ኣለዎ። ንሱ ኸኣ፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ንረኽቦ ብድሆታት ምስ ብዝሒ ሓበሬታን ተክኖሎጅን ዝተሓላለኸ ስለዝኾነ'ዩ። በዚ መንጽር ከኣ ዝተፈልዩ ቅዲ ኣፈታትሓ ጸገማትና ከነተኣታቱ ኣገዳሲ ይኸውን። ህየሳዊ ጥበብ ከኣ ዝተፈልየ ኣተሓሳስባ፡ ኣረኣእያን ትንታነን ብምክያድ፡ መፍትሒ ከነናዲ ይሕግዘ። ኣብ ትካላት ዝጸንሐ ኣካይዳ ክቕጽል ዘድልዮ ምኽንያት ውጽኢቱ ድዩ ወይስ ልሙድን ምቹእን ስለዝኾነ እዩ? እዚ ሓበሬታ እንታይ ትሕዝቶ ኣለዎ፡ መን ይዝርግሖ ኣሎ፡ ንምንታይ ከ ይዝርግሖ ኣሎ? ዝብሉ ሕቶታት መሰረት ህየሳዊ ጥበብን ለውጥን እዮም። ህየሳዊ ጥበብ፡ ለውጢ ይመርሕ ጥራይ ዘይኮነን፡ ኣብ መስርሕ ለውጢ ከጓንፍ ንዝኽእል ሓደጋታት ወይ መኻልፍ ከጓድል ይኽእል። ኣብ መስርሕ ጉዕዞና እንታይ ብድሆታት ከጓንፈና ይኽእል፡ ከይተበገስና፡ ቀዲምና ክንትንትንን ክንዳሎን ዘኽእል ኣገዳሲ ጥበብ እዩ።

### 2. መሃዝነት


ኣብዚ ዘለናዮ ዘመን፡ ኣገዳስነት መሃዝነት ምስ ምልዓብ ወይ ምልምማድ (adaptation) ዝመዛዘን ኮይኑ ይርከብ። ኣብ ፈለማ ዘመናት ናይ ሃድን፡ ሓያልን ገዚፍን ኣካላት፡ ቅልጣፈ፡ ካብ ርሑቕ ናይ ምርኣይን ምስማዕን ልዑል ጥበባት፡ ንዕዉት ሃድን ኣገደስቲ ረቛሒታት ነበሩ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ኸኣ ካብ ሓጹርካ ወጻኢ ምሕሳብን መፍትሒታት ምንዳይን ተጠላቢ ጥበብ ኮይኑ ይርከብ። ኣብ ዝኾነ ዓውዲ ዝነጥፉ ትካላት፤ ምምሃዝ፡ ምስናዕን ምምሕያሽን መሰራትዊ ረቛሒ ናይ ዕብየተን ኮይኑ ይርከብ። ንመሃዝነት ክፉትነት ዘይብላ ትካል፡ ተወዳዳርነታ ስለዝንኪ፡ ቀጻልነታ ኣብ ምልክት ሕቶ ክኣቱ ይኽእል። ናይ መሃዝነት ጥበብ ምውናን፡ ምምሕያሽን ምስናዕን ብሓፈሽኡ ኸኣ፡ ለውጢ ኣብ ምፍታሕ ጸገማት ኣገዳሲ ምዃኑ ክንግንዘብ ይሕግዘ። ነዚ ጥበብ ንምምሃር፡ ኣብያተ ትምህርታትን መሰልጠኒ ማእከላትን፡ ተመሃሮኦን ብዛዕባ ዘጓንፎም ብድሆ ብኽፉት ኣእምሮ ክሓስቡን መፍትሒ ክናድዩን ዝሕግዝ ክፉት ዝኾነ ካሪክለም የዳልዋ ኣለዋ። እቲ ብብዝሒ ኣብ ጾር መምህር ተደርቢዩ ዝነበረ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ተሪፉ፡ ተመራይ ዘማእከለ ኣገባብ'ውን መሃዝነት ንምዕባይ ሓጋዚ ተራ ኣለዎ።

### 3. ምትሕብባር

ኣብ ምድብ ምህሮኣዊ ጥበብ ዝጠቓለል ዝኸበደ ጥበብ 'ጥበብ ምትሕብባር' እዩ። ሓንሳእ ምስ መለኽናዮ ግን ካብ ውድቀት ከድሕን ዝኽእል ጥበብ እዩ። ሓደ ካብቲ ከቢድ ዝገብሮ ኸኣ፡ ኣብ ገለ እዋን ሓሳባትና ገዲፍና ናይ ካልኦት ሓሳብ ክንርዕም ፍቓደኛታት ክንከውን ዝሓትት ጥበብ ስለዝኾነ እዩ። ውልቃዊ ብቕዓት ዘዕብዩ ጥበባት ክንመሃሮምን ክንመልኮምን ናይ ውልቅና ድሌትን ተበግሶን ጥራይ እዩ ዝሓትት። ጥበብ ምትሕብባር ግን ናይ ውልቅና ጥራይ ዘይኮነ፡ ናይ ብጾትና፡ ስድራቤትና፡ ትካልና፡ ሕብረተሰብናን ካልእን ባህግታት፡ ስምዒታትን ደረጃ ኣተሓሳስባን ኣብ ግምት ምእታው የድሊ። ጥበብ ምትሕብባር፡ 'ንዝሓሸ ውጽኢት' ብዝብል ኣተሓሳስባ ክንምእዘን ምኽኣል ማለት እዩ። ጥበብ ምትሕብባር፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ፡ ምስ ሰባት ብኸመይ ተሳኒና ንሰርሕ ጥራይ ኣይኮነን ዘጠቓልል። ኣብዚ ብተክኖሎጂኣዊ መሳርሒታት ህይወትና ተኸቢብዎ ዝርከብ ዘመን፡ ምስ ማሽን ክሳነየሉ ዝኽእል ብቕዓት ይህበና። ክሳዕ ሕጂ፡ ሰሪ ምስ ተክኖሎጂ ተሳኒና ሚዛናዊ ህይወት ክንመርሕ ዘይምኽኣልና፡ ኣብ መዓልታዊ ህይወትና ክሰናኸል ንረአ ኣለና። ማሕበራዊ መራኸቢታት ኣብ ህይወትና ኣትዮም፡ ንግዜና፡ መንነትናን ዝምድናትናን ከመዛብልዎ ምርኣይ ጉድለት ጥበብ ምትሕብባር ምዃኑ ይበርሃልና።

### 4. ምብህሃል

እቶት ትካል ንምኽዕባት፡ እወታዊ ጽልዋ ዘለዎ ጥበብ ምብህሃል፡ ኣብ ምዕባይ ውልቃዊ ዝምድናታት'ውን ኣገዳሲ ተራ ኣለዎ። ኣብዚ ዘመን'ዚ መዓልታዊ ንጥፈታትና ኣብ ተክኖሎጂኣዊ መሳርሒታት ወይ መርበባት ምሉእ ብምሉእ ተመርኲሱ ስለዝርከብ፡ ሓሳብና ብኸመይ ብግቡእ ነመሓላልፍ ኣገዳሲ ረቛሒ ኮይኑ ይርከብ። ንመስርሕ ምብህሃልና ከኽብዱ ወይ ከቕልሉ ዝኽእሉ ባህርያት ሰብ ብኸመይ ነጽንዮምን ነማእዝኖምን'ውን ኣካል እቲ ጥበብ እዩ። ኣብ ሓደ ትካል ካብ ዝተፈላለየ ቦታ፡ ማሕበረ-ቁጠባዊ ድሕረ-ባይታን ባህልን ዝመጽኡ ክህልዉ ስለዝኽእሉ፡ ኣብ ኣየናይ ሕብረተሰብ እንታይ ይብሃል፡ እንታይ ኣይበሃልን፡ እንታይ እዩ ነውሪ ዝቑጸር ወይ እንታይ እዩ ቅቡል ምፍላጥ፡ ሓደ ካብቶም መጀመርታ ክንፈልጦም ዘድልዩ ባእታታት እዩ። ተመሃሮ ወይ ሰራሓተኛታት፡ ኣፍልጦን ምልክን 'ጥበብ ብግቡእ ምብህሃል' ምስ ዘይህልዎም፡ ኣብዚ ዘመን'ዚ ከጓዓዞም ዝኽእል ብቕዓት ከም ዝጐደሎም ክቑጸር ይከኣል። ካልእ እዚ ዘመን ዝውሰኾ ብድሆ ምብህሃል ልክዕ ከምቲ ዘለመድናዮ ብኣካል ተርኺብካ ገጻ ንገጻ እናተረኣኣኻ ተሪፉ ብዲጂታላዊ መሳርሒታት ተሰንዩ እዩ ዝኸይድ ዘሎ። ስለዚ ነዞም መሳርሒታት ምምላኽን ብግቡእ ምጥቃምን የድሊ። ቃለ-መሕተት፡ ስልጠናታት፡ ኣኼባታት፡ ጾብጻባትን ካልእ ኣገደስቲ ርክባትን ካብ ርሑቕ ብማንዛ ምክያድ፡ ልሙድ ንጥፈት ኮይኑ ይርከብ። ዝተፈላለዩ ቅድታት ናይ ወግዓዊ ሓበሬታታት፡ ናይ ጾብጻብ መቕረብን ጽሑፋዊ ምብህሃልን ኣብዚ ዘመና ንዘለዉ ሰባት ዝብድህ ኮይኑ ይርከብ። ኣብ ማሕበራዊ ሚድያታት ዝዘውተሩ መግለጺታትን ቅጽላትን ከም "ሃሽ ታግ" (#) ዝኣምሰሉ'ውን፡ ናቶም ኣገባባት ናይ ምብህሃል ኣተኣታዮም ኣለዉ። ስለዚ፡ ከም ቀደም ዘምጽኣካ ጥራይ ተዛራብካ ምኻድሲ የለን።




# ሓሳባት

## ጽውጽዋይን ሓቂን ቁጠባዊ ግሎባውነት

(መበል 26ን መወዳእታን ክፋል)

ክብሮም ገብረኣብ
ማእከል ምርምርን ሰነዳን

*እዚ "ጽውጽዋይን ሓቂን ቁጠባዊ ግሎባውነት" ብዝብል ኣርእስቲ ብተኸታታሊ እነቕርበልኩም ዘለና ጽሑፍ 'ባድ ሳማሪታንስ' (BAD SAMARITANS – The guilty secrets of rich nations & the threat to global proposperity- Ha-Joon Chang - 2007) ካብ ዘርእስቱ መጽሓፍ ዝተተርጐመ እዩ፡፡*




### ደሞክራሲን ቁጠባዊ ዕብየትን

እኩያት ሳምራውያን ቁጠባ ካብ ፖለቲካ ናጻ ብምግባር ትግባረ ደሞክራሲ የሳልጡ ዘይከነ የዳኽሙ እዮም ዘለው፡፡ ኣብ ማሰርሕ ደሞክራሲ፡ ካብ ፖለቲካ ናጻ ምዃን ዝበል ናይ ፖሊሲ ውሳኔ ብጋህዲ ኣይንዛረበሉ ከም ማለት እዩ ዝኸውን፡፡ እዚ ድማ ብቐንዱ ኑቲ ደሞክራሲያዊ እናተባህለ ዝዝመረሉ ኣሰራርሓ መትከላት ዘዳኽም እዩ፡፡ ኩሉ ውሳኔታት ካብቲ ብደሞክራሲያዊ ኣገባብ ዝተመርጸ መንግስቲ ተመንጢሉ ናብቶም ካብ ፖለቲካ ናጻ ኣብ ዝኾና ትካላት ዝርከቡ ዘይተመርጹ ቴክኖክራት ዝወሃብ እንተኾይኑ፡ ትርጉም ደሞክራሲ ደኣ እንታይ እዩ? ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ክሳብ ሕጂ በዩም ደሞክራሲ ምስ ናጻ ዕዳጋ ኣይገራጮንዩ ዝብሉ ሓያስቲ-ለበራውያን ጥራይ እዩ ደሞክራሲ ተቐባልነት ረኺቡ ዘሎ፡፡ ስለዚ'ዩ ንገለኦም ኣብ መንጎ ንውልቀ-መላኺ ፒኖሸ ምድጋፍን ደሞክራሲ ምቕባልን ዝኾነ ግርጭት ምህላው ዘይረኣዩም፡፡ ከይጠፃፃምካ ብግልጺ ንምዝራብ፡ ድኹም ደሞክራሲ ክህሉ እዩም ዝደልዩ፡፡

ሓያስቲ-ለበራውያን ከም ቀዳሞት ኣያታቶም፡ ፖለቲካዊ ስልጣን ኑዩም ኣብ ህሉው ስርዓት ቁጠባ ብጽሒት ዘይብሎም ምስ ዝወሃብ፡ ኣብ ዝርግሐ ንብረትን ካልእ ቁጠባዊ ማሰላትን ውሑድን ዘየርትዓውን ለውጢ ዘስዕብ እዩ ዝበል ጽኑዕ እምነት ኣለዎም፡፡ ይኹን'ምበር፡ ዘይ ከም ቀዳሞት ምሁራት፡ ንደሞክራሲ ብዓውታ ክቃወሙ ኣብ ዘይክእልሉ ዘመን ይነብሩ ብምህላዎም፡ ንፖለቲካ ብዘለዎም ሓፈሻዊ ጽልኣት እዮም ተቓውሞኦም ክገልጹ ዝፍትኑ፡፡ ካብዩም ብደሞክራሲያዊ ኣገባብ ዝተመርጹ ወከልቲ ናይ ምውሳን ስልጣን ብምምንዛዕ፡ ብመንገዲ ሓፈሻዊ ፖለቲካዊ ተቓውሞ ሕጋዊ ተቐባልነት ከም ዝህልዎም ይገብሩ፡፡ ኣብ ልዕሊ ደሞክራሲ ዘለዎም ተቓውሞ ብዖውታ ከይገለጹ ከለዉ፡ ብኸምዚ መንገዲ ብቐዓት ደሞክራሲያዊ ቀጽጽር ክጉድሉ ክኢሎም እዮም፡፡ ናይዚ ሳዕቤን ብፍላይ ኣብዘን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ኣዕናዊ ኮይኑ፡ እኩያት ሳምራውያን ዋላ'ውን እተን ሃብታማት ሃገራት ክቕበልኦ ዘይክእላ ጸረ-ደሞክራሲያዊ ተግባራት ንኣብነት ቤት ጽሕፈት ምእካብ ግብሪ ፖለቲካዊ ናጽነት ክህልዎ ኣለዎ ዝብል መምርሒ ክቕበላ ከገድድወን ጸኒሖም ኣለው፡፡

ደሞክራሲን ቁጠባዊ ምዕባለን ንሓድሕዶም ዝጸላለዉ ምዃኖም ብቐሊሉ ክንግንዘቦ እንኽእል ሓቂ እዩ፡፡ ይኹን'ምበር፡ ኣብ መንጎኦም ዘሎ ዝምድና ካብቲ ሓያስቲ-ለበራውያን ደሞክራሲ ናይ ብሕቲ ንብረት ውሑስ ከም ዝኸውንን ናጻ ዕዳጋ ከም ዝዓቢ ብምግባርን ቁጠባዊ ምዕባለ ኣብ ምርግጋጽ ወሳኒ ግደ ኣለዎ ኢሎም ዘቕርብዎ ስሑመንት ንላዕሊ ዝተሓላለኸ እዩ፡፡

ኣብ መንጎ ደሞክራሲን ዕዳጋን ዘሎ ግርጭት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ደሞክራሲ ናጻ ዕዳጋ ብምርግጋጽ ቁጠባዊ ምዕባለ ከተባብዕ ዝኽእል ኣይኮነን፡፡ ቀዳሞት ለበራውያን ደሞክራሲ ትካላት ዝሃገርን ልዑል መጠን ቀረጽ ከምዝህሉ ዝኑብርን ብምዃኑ፡ ደሞክራሲ ወፍርን ዕብየትን ከዳኽም ይኽእል እዩ ዝብል ፍርሒ ነይሩዎም፡፡ ብኻልእ ወገኑ ቁጠባዊ ምዕባለ ከተባብዑ ዝኽእሉ ካልኦት ደሞክራሲያዊ ኣገባባት'ውን ኣለው፡፡ ደሞክራሲ መንግስታዊ ወጻኢታት ናብ ኣፍራዪ ዓውድታት ናይ ምውዓል ሓይሊ ኣለዎ፡ ንኣብነት ወተሃደራዊ ወጻኢታት ናብ ትምህርታውን ትሕተ-ቅርጻውን ወፍሪ ከም ዝውዕል ይገብር፡፡ እዚ ኣብ ቁጠባዊ ምዕባለ ሓጋዚ ስጉምቲ እዩ፡፡ ብዘይካ'ዚ፡ ደሞክራሲ መንግስታዊ ናብዮት




ብምፍጣር ቁጠባዊ ዕብየት ከቀላጥፍ ይኽእል እዩ፡፡ ብመንጽር ዝጸንሐ ቅቡል መረዳእታ፡ ጸቢቕ ማሰረት ዘለዎ መንግስታዊ ናብዮት ብፍላይ ብጸቢቕ መደብት ዳግመ-ስልጠና ዝተሰነየ ምስ ዝኸውን፡ ኑቲ ብምኽንያት ሽቕለት-ኣልቦነት ዝጋጥም ጸገማት ኣብ ምጉዳል ከምኡ'ውን ሰራሕተኛታት ኣብ ልዕል'ቲ ፍርያት ዘዕቢ ዘመናዊ ቴክኖሎጂ ዘለዎም ኣሉታዊ ኣመለኻኽታ ኣብ ምንካይ ዝህልዎ ኣበርክቶ ዓቢ እዩ፡፡ ሽወደን ወናኒት ዝዓበየ ኢንዱስትርያዊ ሮቦት ዓለምና ምዃና ኢጋጣሚ እዩ ተባሂሉ ክሕሰፍ የብሉን፡፡ ደሞክራሲ ኣብ ቁጠባዊ ምዕባለ ዘሕድሮ ኣሉታውን ኣወንታውን ጽልዋ ክንጠቅስ ንኽእል ኢና፡፡ ይኹን'ምበር፡ እቲ ዝምድና ኣዝዩ ዝተሓላለኸ ምዃኑ ክንዘንግዕ የብልናን፡፡

ኑቲ ደሞክራሲ ኣብ ቁጠባዊ ምዕባለ ሓጋዚ እዩ ዝበል ኣመለኻኽታ ዝድግፍ ይኹን ዝቃወም ንጹር መርትዖ ዘይምህላዉ ዘርርም ኣይኮነን፡፡ ስታቲስቲካዊ ስሩዕነት ዝምድና ደሞክራሲን ቁጠባዊ ዕብየትን ንምልላይ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ብኽልቲኡ ሸነኽ ስሩዕ ወጽኢት ዘይምህላዉ እዩ ዘርኢ፡፡ ዋላ'ውን ብደረጃ ውልቀ ሃገር፡ ሰፊሕ ናይ ወጽኢት ፍልልይ ምህላዉ ኢና እንዕዘብ፡፡ ፊሊፒንስ ኣብ ትሕቲ መራሕነት ማርኮስ፡ ዛየር ኣብ ትሕቲ መራሕነት ማቡቱ ከምኡ'ውን ሀይቲ ኣብ ትሕቲ መራሕነት ዱቫሊር፡ ገለ ካብተን ብውልቀ-መለኽቲ ዝምርሓ ኣዝዩ ድኹም ስርዓት ቁጠባ ዝነበረን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት እየን፡፡ ብኣንጻርዚ ውልቀ-መለኽቲ ብዝተጠመቐ መራሕቲ ዝምርሓ ግን ከኣ ምቕሉል ካብኡ ሓሊፉ መስተንክር ቁጠባዊ ዕብየት ዘርኣያ ሃገራት ኣለዋ፡፡ ንኣብነት ኢንዶኔዥያ ኣብ ትሕቲ መራሕነት ሱሃርቶ ከምኡ'ውን ኡጋንዳ ኣብ ትሕቲ መራሕነት መሴቪኒ፡፡ ደቡብ ኮርያ፡ ሲንጋፖር ከምኡ'ውን ብራዚል ኣብ 1960ታትን ኣብ 1970ታትን ከምኡ'ውን ናይ ሎሚ ቻይናን ገለ ካብተን ኣብ ትሕቲ ምልካውያን ተባዚሎም ዝንቀሳ መንግስታት ኣዝዩ ዝሓደ ቁጠባዊ ዕብየት ዘርኣያ ሃገራት እየን፡፡ ብመንጽርዚ ናይ ሎሚ ሃብታማት ሃገራት ኣብቲ ደሞክራሲያዊ መትከላት ብስፋሓት ዝተቐበላሉ ዓመታት ማለት ካብ መወዳእታ ካልኣይ ውግእ ዓለም ክሳብ 1970ታት እየን ልዑል መጠን ቁጠባዊ ዕብየት ዘተኣናጸራ፡፡ እቲ ወቕቲ፡ ዝጠዓሙ ሃብታማት ሃገራት፡ ንኣብነት ኣውስትራልያ፡ ካናዳ፡ ቤልጅየም፡ ፈረንሳ፡ ጀርመን፡ ጣልያን፡ ፊንላንድ፡ ጃፓን፡ ስዊዘርላንድ ከምኡ'ውን ኣመሪካ፡ ኣድማሳዊ ምርጫ ዝተቐበላሉ፡ ማሰል ውሑዳን ክፍሊ ሕብረተሰብ ዘጠናኽረሉ ከምኡ'ውን ራዕዲ ምዝመዛ ሃብታማት ብድኻታት ዝዓሰሉ፡ ንኣብነት ብመንገዲ ምህጋር ብሕታዊ ትካላትን ማዕቢሉ ግብሪ እቶትን መንግስታዊ ናብዮትን ዝተጠናኸረሉ እዩ ነይሩ፡፡

ደሞክራሲ ኣብ ቁጠባዊ ዕብየት ዘለዎ ኣበርክቶ ንምግላጽ ግድን ኣወንታዊ ጽልዋታቱ ምርኣይ ኣየድልየናን፡፡ ናይ ስነ-ቁጠባ ኣማርትያ ሰን ምሁር ተሸላሚ ኖቤል፡ ደሞክራሲ ብዘለዎ ተፈጥሮኣዊ ክብሪ ኣብ ኩሉ ዓይነት ምዕባለ ከም መማዝኒ ክወሰድ ከምዝለዎ እዩ ዝኣምን፡፡ ብመንገዲ ውሳኔታት ቤት-ፍርዲ፡ መንግስታዊ ኣብያተ ጽሕፈት ከምኡ'ውን ኣካዳምያዊ ብቕዓት፡ ደሞክራሲ ኩሎም ነበርቲ ኑቲ ሓደ ዶላር፡ ሓደ ድምጺ ዝበል ሕጊ ዕዳጋ ተገዚኦቲ ከምዝኾኑ ብምግባር፡ ኣብ ምህናጽ ምዕቡል ሕብረተሰብ ሓጋዚ ምዃኑ ልዕሊ ኢለ ጠቒሰ ኣለኹ፡፡ ኣብ ማሰርሕ ደሞክራሲያዊ ፖለቲካ ዝቶደ ተሳትፎ ናብ ገዛእ ክብሪ ክትርጎም ዘይክእል ተፈጥሮኣዊ ክብሪ ኣለዎ፡ ስለዚ፡ ደሞክራሲ ኣብ ቁጠባዊ ዕብየት ዋላ'ውን ኣሉታዊ ጽልዋ የስዕብ ዝለዎ ተፈጥሮኣዊ ክብሪ ከኹብሮን ክንድግፎን እዩ ዘለና፡፡ ብፍላይ ንኣሉታዊ ጽልዋታቱ እኹል መርትዖ እንተዘይሃልዩና፡ ኣብርቲዕና ክንድግፎ ጥራይ እዩ ዘዀብአና፡፡ ዋላ'ኳ ጽልዋ ደሞክራሲ ኣብ ምዕባለ ዘይንጹር ዝማሰል እንተኾነ፡ ጽልዋ ቁጠባዊ ምዕባለ ኣብ ደሞክራሲ ግና ቀጥታውን ግሉጽን እዩ፡፡ ኣብ ነዊሕ እዋን፡ ቁጠባዊ ምዕባለ ደሞክራሲ ከምጽእ ይኽእል እዩ ዝበል ምጉት ርትዓዊ እዩ፡፡ ይኹን'ምበር፡ እዚ ዓቢ ስሕለ ኑቲ ገለ ሃገራት ኣዝየን ድኻታት ክነሰን ብደሞክራሲ ዝተጓዕዙ፡ ካልኦት ብዙሓት ሃገራት ድማ ክሳብ ኣዝየን ዝሀብትማ ኣምር ደሞክራሲ ዘይነብረን ምህላወን ዝገልጽ ሓቂ ዝሓብእ ክኸውን የብሉን፡፡ ብዓይኒ ሓቂ፡ ብዘይ ህዝባዊ ቃልሲ ካብ ቁጠባዊ ብልጽግና ዝውለድ ደሞክራሲ የለን፡፡

ኖርወይ፡ ዋላ'ኳ ኒውዚላንድ ተኸቲላ ኣብ 1913 ኣድማሳዊ ምርጫ ዝተቐበለት ኣብ ዓለምና እታ ካልኣይቲ ደሞክራሲ ዘተኣታተወት ተባሂላ እትፍለጥ ሃገር እንተኾነት፡ ሓንቲ ካብተን ኣዝየን ዝደኸያ ሃገራት ኣውሮጳ ናይቲ እዋን ምዃና ክዝንጋዕ የብሉን፡፡ ብኣንጻርዚ፡ ዋላ'ውን በቲ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ናይ ምድማጽ ማሰል ክህልዎ ኣለዎ ዝበል ኣመለኻኽታ እንተርኢናዮ፡ ኣመሪካ፡ ኣውስትራልያ፡ ካናዳ፡ ስዊዘርላንድ፡ ኣብቲ ኣዝየን ዝሃብተማሉ ዓመታት ማለት ኣብ 1960ታትን 1970ታትን እየን ደሞክራስያውያን ሃገራት ክኾና ዝጀመራ፡፡ ካናዳ ኣብ 1960 እያ ኣመሪካውያን ደቀባት ናይ ምድማጽ ማሰል ክህልዎም ዝፈቐደት፡፡ ኣብ መወዳእታ 1962 ኣውስትራልያ ኑቲ ጸዕዳ ኣውስትራልያ ዝበል ፖሊሲ ብምስራዝ ጸዓዱ ዘይኮኑ ዜጋታታ ማሰል ምድማጽ ክህልዎም ፈቒዳ፡፡ ድሕሪ'ቲ ኣብ 1965 ብማርቲን ሉተር ዝተመርሐ ምንቅስቓስ ሲቪላዊ ማሰላት እየን ደባባዊ ግዝኣታት ኣመሪካ ጸለምቲ ኣመሪካውያን ከድምጹ ዝፈቐዳ፡፡ ብዘይካ'ዚ፡ ዋላ'ኳ ኣብ 1971 ስዊዘርላንዳውያን ደቀንስትዮ ናይ ምድማጽ ማሰል እንተ ተዋህበን፡ ገለ ወረዳታት ግና ድሒረን እየን ፈቒደን፡፡ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት'ውን በዚ ተመክሮ እየን ዝሓለፋ ዘለዋ፡፡ ክሳብ ቀረባ እዋን ኣብ ምድንባ ድኻታት ሃገራት ዓለም ዝጸንሐት ህንዲ፡ ንኣስታት 6 ዓሰርተ-ዓመት ዝቐጸለ ስርዓት ደሞክራሲ ክትምስርት ክኢላ እያ፡፡ ብኣንጻሩ፡ ኮርያን ታይዋንን ኣብ 1980ታት ቁጠባዊ ብልጽግና ድሕሪ ምጉንጻፈን እየን ደሞክራሲያዊ ስርዓት ክተኽላ ዝኸኣላ፡፡

ብልሽውናን ስእነት ደሞክራሲን ቀንዲ ጸገማት ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት እዮም፡፡ ይኹን'ምበር፡ ኣብ መንጎኦምን ቁጠባዊ ምዕባለን ዘሎ ዝምድና ካብቲ እኩያት ሳምራውያን ዝብልዎ ንላዕሊ ኣዝዩ ዝተሓላለኸ እዩ፡፡ ንኣብነት ዝጠዘሉ ፖለቲከኛታት ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ኣንጻር ብልሽውና ክቃለሱ ሓሊኖም ናብ ስልጣን ድሕሪ ምድያቦም፡ ኣንጻር ብልሽውና ምቅላስ ስኢኖም፡ ንገዛእ ርእሶም ካብ ስልጣን ክእለዩን ብብልሽውና ተኸሲሶም ክእሰሩን ምርኣይና፡ ብልሽውና ካብቲ ክንግምቶ ንኽእል ንላዕሊ ኣዝዩ ሕልኽልኽ ጸገም ምዃኑ ዘመልክት እዩ፡፡ መራሕቲ ላቲን ኣመሪካ፡ ፕረዚደንት ብራዚል ፈርናንዶ ካለር ዲ ሚሎ ከምኡ'ውን ፕረዚደንት ፐሩ ኣልበርቶ ፉጂሞሪ ናብ ዝኾርና ዝመጹ ናይዚ ኣብነት እዮም፡፡ ናጻ ዕዳጋ ቁጠባዊ ምዕባለ ኣብ ምሕያል ዘለዎ ተኽእሎ ውሑድ ኮይኑ፡ ኣብ መንጎ ናጻ ዕዳጋን ደሞክራሲን ብርቱዕ ምስሕሓብ ምህላዉ ኢና እንዕዘብ፡፡ ስለዚ'ውን ብኻልእ ኣገባብ እንተዘይብኮይኑ በቲ እኩያት ሳምራውያን ዘቕርብዎ ስሑመንት፡ ደሞክራሲ ናጻ ዕዳጋ ብምሕያል ቁጠባዊ ዕብየት ክሐይል ኣይክእልን እዩ፡፡

እምበኣርከስ፡ ሓያስቲ-ለበራውያን ፖለቲካዊ ረቛሒታት ጥዑይ ቁጠባ ኣብ ምፍጣር ዘለዎ ኣበርክቶ ውሑድ እዩ ይብሉ ከም ዘይነበሩ፡ ካብ ቀረባ እዋን ኣትሒዙ ግና ብዝዕባዘም ረቛሒታት ዘለዎም ተጉዳስነት ክዓቢ ጀሚሩ ኣሎ፡፡ እቲ ምኽንያት ንጹር እዩ፡ ብመንገዲ ዘይቅዱስ ስለሰት ኣይኤምኤፍ፡ ዓለማዊ ባንክ ከምኡ'ውን ኣህጉራዊ ውድብ ንግዲ፡ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ዝትግበር ቁጠባዊ ፖሊሲታቶም ብዘይካ'ቲ ኣዝዩ ውሑድ ዘመዝገቦ ዓወታት፡ ኣብ 1980ታት ኣብ ኣርጀንቲና ዝተራእየ ኩነታት ሓዊሱ ውድቀት ኪጋጥሞ ስለዝጸንሐ እዩ፡፡ እኩያት ሳምራውያን ናጻ ንግዲ ብሕተታን ካልእ ፖሊሲታቶምን መንቀብ ኣልቦ እዮም ኢሎም ስለ ዝሓስቡ፡ ሎሚ'ሎሚ፡ ጠንቂ ውድቀት ቁጠባዊ ፖሊሲታቶም ዘይፖሊሲዊ ረቛሒታት፡ ማለት ፖለቲካን ባህልን እዩ ይብሉና ኣለው፡፡

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ተኸሳሲ ኣቶ ኣንገሶም ተኽሉ ከሳሲት ሉቱ ገብረየውሃንስ፡ ንህያብ ምጽዳቅ ዝምልከት ክሲ ኣብ ልዕሌኻ መሰረታ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ.39 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ወይኒ ኣርኣያ ተኽለ ምባል ተረፉ፡ ወይኒ ኣርኣያ ተኽሉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ፡ ስም ኣቦን ኣቦሓጎን ናይ ኣደይ፡ ኪዳ ተስፋዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ።

ፍረወይኒ ተኽለማርያም በሊይኑ፡ ኣደይ ብርኽቲ ወልዱ ተስፋማርያም ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ምስ ነፍ/ሄር ንግስቲ ኣሰፍሃ ተኣኻታ 2.ሰምረት ስለሙን 3.የማነ ስለሙን 4.ክብሮም ስለሙን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ 10/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

ከሳሲት ሰምሃር የማነ ጼጋይ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣንገሶም ስብሃቱ ህድኣት፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን18/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ርእሶም ዘርኣይ ኣስገዶም ምባል ተሪፉ፡ ርእሶም ዘርኣይ ተኽለሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ።

ኤልሳ ካሕሳይ ወልደጋብር፡ በዓል ቤተይ ግርማይ ተኸስተ ጉብረሂወት ስለዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ።

ፍቓዱ ጉብረመድህን ኣፍለይ፡ ሓፍተይ ነፍ/ሄር ወ/ሮ ለተብርሃን ጉብረመድህን፡ ኑቲ ኣብ ኣስመራ ዞባ 4 ምም 06 ኣብ ጎደና 707 ቁ.ገዛ 58 ስፍሓት መሬት 300 ት.ሜ ቁ/ሎታ 77 ዓይነት ገዛ ቀንዲ ክፍልታት 3 ሓገዝቲ ክፍልታት 2 ዘለዎ ብዮዝዩዊ ዋንነት ኣብይቲ ከተማ ብቁጽሪ ምስክር ወረቐት 111991መወከሲ. ቁ.118046 ብስማ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት፡ ብቁ. መዝገብ 127/16 ዕለት 22/04/2016 ኣብ ቅድሚ ረጂስትራር ቀሪባ ንዓይ ናይ ወህብቶ ጽሑፍ ስለዝገበረትለይ ይጽደቐለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ተኸሰስቲ ኣቶ ተኸስተ ተስፋጽዮን ጉብረስላሴ፡ ወ/ሮ ሄለን ተኽለ ሰለሙን፡ ብኸሳሲ ንግዳዊ ባንኪ ኤርትራ ንልቓሕ ገንዘብ ዝምልከት ክሲ ኣብ ልዕሌኹም መሰረቱ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ.39 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጡ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ሰሎም ተስፋይ +1፣ ናይ ኣቦና ነፍ/ተስፋይ ታደሰ ሃብቱወልድ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/06/24 ኣብ 1ይ ደረጃ ቤ/ፍ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ወ/ሮ ደመት ምሕጹን ኣርዓዶም፡ ብዓል ቤተይ ተኽለኣብ ጉብረስላሴ ያሲን ስለዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣብርሃጼን የማነ ደብረጼን፡ ብዓል ቤተይ ጎይትኦም ጉብረሂወት ኣብርሃም ስለ ዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ን18/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣብ ዞባ ማእከል ኣስመራ ምም/ን/ዞባ ጎዳይፍ ጎደና 758 ቁ.ገዛ-ዝርከብ (ዞባ 3 ምም.10 ነበር) ኣብ ኮምሽን ኣብያተ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 114854 መወከሲ. ቁጽሪ 139043 ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ገዛ ካብ ወለድና ነ/ሄር ተኪኤ ተስፋይ መሓሪን ነ/ሄሪት ለተሚካኤል ተስፋጋብር ጸጉን ብውርሲ ዝረኸብናዮ ገዛ ናብ ስም ወረስቲ ከተመሓላልፍ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከፈጽም ምዃንና ንሕብር።

ወ/ሮ ለተንገስ ተኪኤ ተስፋይ
ምስ ክልተ ኣሕዋተይ

---

ኣመልካቲ ዓብደልቃድር ዓሊ መሓመድ ዝተባህልኩ፡ ኣብ ኣስመራ ምምሕዳር ኣቦሻውል ዝርከብ ስፍሓት መሬት 165.ት/ሜ፡ ቀንዲ ክፍሊ 4 ምስ 1 ተሓጋጋዚ፡ ኣብ ኮምሽን ኣብያተ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 111526 መወከሲ ቑጽሪ 124785 ዝተመዝገበ፡ ብህያብ ካብ ኣሚና መሓመድ ብዕለት 25/05/1979 ዝተቐበልኩዎ ናይ ህያብ ኦርጂናል ወረቐት ስለዝጠፍኣኒ፡ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዝርከብ ሰብ፡ በዚ ቁጽሪ ቴሌፎን 07127158 ክሕብረኒ እንተዘይኮይኑ ግን መሰርሕ ምትሕልላፍ ክቕጽል ምዃነይ ኣፍልጥ።

ዓብደልቃድር ዓሊ

---

ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ሰምበል፡ ጎደና 867-33 ዚፕ 1A868፡ ፕሎት 109 ፓርስል B፡ ስፍሓት መሬት 375 ት/ሜ ዓይነት ገዛ G+1፡ ቀንዲ ክፍልታት 9፡ ሓጋዚ ክፍሊታ 6 ዝሓዘ መለለዪ ቁጽሪ ንብረት 1:003729 ዝኾነ ብስመይን ብስም ወ/ሮ ኣበባ ሰዩም ነጋሲን ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ እቲ ብጽሒተይ ንወ/ሮ ኣበባ ሰዩም ነጋሲ ስለዝሸጥኩላ'ሞ ስም ምትሕልላፍ ክገብር ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤ/ፍ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታዮ ይቕረብ፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ፡ ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ክንፍጽም ምዃንና ንሕብር።

ኣቶ ዳኒኤል ጉብረልኡል ተኪኤ

---

ኣነ ሃንስ በርሀ መንግስቱ ዝተባሃልኩ፡ ኑቲ ኣብ ኣስመራ ከተማ ዞባ 4 ምም. 04 (ምም/ን/ዞባ ቲራቮሎ) ቁሎታ 46 ፓርቸላ 10 ዝርከብ፡ ኣብ ኮምሽን ኣብያተ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 118772 መወከሲ ቁጽሪ 109705 ብስም ብዓል ቤተይ ነፍ/ ኣሰረስ ጊላዝጊ ኣርኣያ ዝተመዝገበ ኦርጂናል ግዚያዊ ምስክር ወረቐት ናይ ኮምሽን ኣብያተ ይኹን ካልእ ዝ. ገዛ ዝምልከት ሰነዳት ስለ ዝጠፍኣኒ፡ ረኺቡዎ ዝብል ወይ ድማ ብዕዳ ሒዙዎ ኣለኹ ዝብል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ብቑጽሪ ቴሌፎን 07111570 ክሕብረኒ፣ እንተዘይኮይኑ ግን ካብ ዝምልከቶ ኣካል መተካእታ ቅዳሕ ከውጽእ ምዃነይ እሕብር።

ሃንስ በርሀ መንግስቱ

---

AllianceFrançaise
Asmara - Eritrea

ቤ/ት ኣሊያንስ ፍራንሰዝ ሰሩዕ ክረምታዊ ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳ ንንኣሽቱን ንዓበይትን ካብ ጀመርቲ ክሳብ ዝለዓለ ደረጃ ንዓበይቲ ካብ ዕለት 8 ሓምለ ከምኡውን ንንኣሽቱ ካብ ዕለት 13 ሓምለ ክጅምር ምዃኑ ከበስር ይፈቱ።

ምዝገባ ተጀሚሩ እዩ።

ብደሓን ምጹ ንዝያዳ ሓበሬታ ቁ.ስ 122605 / 115270

ኣድራሻና፣ ጎድኒ ቤ/ት ማይ ተሰፋ ጥቓ ዓሮባና ሬስቶራንት እዩ።

---

## ብስራት ካብ መድረኽ ማእከል ሞያዊ ስልጠና

ብኣዝዮም ምኩራት መማህራን ንኹሎም ሰራሕተኛታትን ተማሃሮን ኣብ ዘዘጥዕሞም ሰዓታት ስልጠና ይህብን ከምቲ ልሙድ ክረምታዊ ምዝገባ'ውን ጀሚሩ ከምዘሎ ይሕብር።

### ሀ. ዘለውና ሞያዊ ስልጠናታት (Courses)

| | |
|---|---|
| ➢ ትምህርቲ ኮምፒተር | ➢ Graphics (CC-2017) |
| ➢ ኤሌክትሮኒክስ L-1 | ➢ Editing (CC-2017) |
| ➢ ጽገና ኮምፒተር | ➢ Mobile maintenance |
| ➢ ምስኣል ብደረቅን ተንቀሳቃሲ ካሜራ | ➢ Principle of Accounting + Peachtree |
| ➢ ኣውቶካድ | ➢ Peachtree and Tally software |

### ብተወሳኺ፥

1. Electronics Level 2 and Level 3
2. Printer and Photocopier maintenance
3. Graphics Level 2 (Illustrator and In Design)

፤ 2ን ልዕሊኡን ስልጠና ንዝወሰዱ ዓቢ ምጉዳል ዋጋ ንገብር
፤ ንኹሎም ተማሃሮና ምትካል ድሽ ብነጻ ንምህር

ኣድራሻና፥ ንመጓዓዝያ ምቹእ ኣብ ማእከል ከተማ ድሕሪ ካርቱም ሆቴል ጎድኒ ዶር. ማሕሙድ ሕክምና ስኒ'ዩ።
ቴሌ. 07204551/07218432/112244

---

ADVANCED COMPUTER TECH

**ኣድቫንስ ኮምፒተር ተክ ናይ ኮምፒተር ስልጠና ብክልሰ ሓሳብን ግብርን ምኩራት ብዝኮኑ መምህራን ምዝገባ ጀሚሩ ኣሎ**

ነዞን ዝስዕባ ናይ ኮምፒተር ስልጠናታት ብርትዓዊ ዋጋ መጺኹም ክትምዝገቡ ብክብሪ ንዕድም።

1- በዚክ ኮምፒተር ኦፊስ_(Basic Computer &Ms Office)
2- ረቪት_ንድፊ ህንጻ_(Revit_Building Modeling Software)
3- ኣካውንቲንግ (ሕሳብ)_(Accounting Principles and Software)




ኣድራሻ፣ ከባቢ ማይ ጃሕጃሕ ፊት ዶልቺ ቪታ ካፈ
ብኣካል ወይ ደዊልኩም ንኖኤል(07260449)/ንሳምሶም(07366817) ተወከሱ
ብደሓን ምጹ።

---

ኣብ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ከተማ ባጽዕ ኣብ ምም/02 ኣብ ቤት ጽሕፈት ኮምሽን ኣብያተ ብቑጽሪ ምስክር ወረቀት 200989 መወከሲ ቁጽሪ 20/078 ብስም ነ/ሄር ኢትዮጵያ ሓድሽ ተብጀ ዝተመዝገበ ሊብሬቶ ናይ ገዛ ስለዝጠፍኣኒ ረኺቡ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዝርከብ እንተሃልዩ ብቑጽሪ ቴሌ 07406683 ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ደዊሉ ይሕብረኒ፡ እንተዘይኮይኑ መተካእታ ካብ ዝምልከቶ ኣካል ክቕበል ምዃነይ ይሕብር።

ቢንያም ሓድሽ ተብጀ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ተኸሰስቲ ኣድሪስ ዑስማን መሓመድ፡ ኣደም ሰዒድ በኹ ኑርያ ኣሕመድ፡ ዓብደልቃድር፤ ብኸሰሲ ንግዳዊ ባንኪ ኤርትራ ንልቓሕ ገንዘብ ዝምልከት ክሲ ኣብ ልዕሌኹም ተመስሪቱ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን 16/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ.39 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ትብርህ መሓሪ ዑቕባይ፡ ኣብ ዞ/ማ ኣስመራ ን/ዞ/ገጀረት፡ ጎደና ራሓይታ ቁ.ገዛ 36 ቁ.ሎታ 94 ቁጽሪ ፓርቸላ A/bis ስፍሓት መሬት 102.18 ት.ሜ ዝርከብ ተራ ዓይነት ገዛ ብቁ.ምስክር ወረቐት 118546 መወከሲ ቁ.109206/07 ብስም ኣፍ/ብርጌድ ዑቕባይ ኣባይ ዝተመዝገበ፡ ኣሞይ ብህይወት እንከላ ን 29/11/2018 ብመዝ/ቁ/ዞ/ማ 364/2018 ዝገበረትለይ ውዕል ውህብቶ ይጽደቐለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 9/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

መሓመድናስር ዓብደልዋሰዕ ምባል ተረፉ፡ መሓመድ ዓብደልዋሰዕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 16/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ት/ዕድመ ጥዑመክርስቶስ ፍትዊ ግርማይ ምባል ተረፉ፡ ፓወል ፍትዊ ግርማይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 28/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ናርዶስ ኣብርሃም ጸጋዩ፡ ኣደይ ጸገሬዳ ተስፉሚካኤል ድራር ስለዝዐረፈት፡ ኣነ 1ጓል ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 16/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ተኸሳሲ ኣቶ ሚካኤል የማነ ተኽለሚካኤል፡ ወኪል ኣቶ ሙሴ ሚካኤል፡ ብኸሳሲት ወረ/ኑ ኤልያስ ሃይለ ወ/ሮ ርብቃ ኤልያስ ዝበረ ናይ ገንዘብ ክርክር ክትቀርብ ስለዘሎኻ፡ ን 8/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ከሳሲት ፊቨን ኣማረ ወልዱ፡ ተኸሳሲ ፊልሞን ተ/ገርግሽ ዘርኡ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን 16/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ.49 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ወ/ሮ ለተኪዳን ዑቕባጼን ወልዱ፡ በዓል ቤተይ ተኽሊያ ግርማይ በላይ ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸልና ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 17/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጺጋይ ተወልደ ገዘህይ ምባል ተረፉ፡ ጺጋይ ሰለሙን ተወልደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 17/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተወልደ ካሕሳይ ዑቕባእዝጊ ምባል ተረፉ፡ ተወልደ ሃዋዝ ዑቕባእዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 17/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ከሳሲት ልችያ ሰለሙን ጉብረጻድቕ፡ ተኸሳሲ ካሕሳይ ተወልደ ተስፉማርያም፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን 25/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ዩሩብኤል መርሃዊ ጉብረኪዳን ምባል ተረፉ፡ ዓናዊ መርሃዊ ጉብረኪዳን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 5/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ርሻን ክፍለየውሃንስ መብራህቶም ምባል ተረፉ፡ ቅሳነት ክፍለየውሃንስ መብራህቶም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 9/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ማሰፍን ሃይለ ጎይትኦም፡ ወለድና ሃይለ ጎይትኦምን ኣዝመራ ጉብረመድህንን ስለዝዐረፉ፡ 3 ደቆም ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 9/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲ ተስፉልደት ተኽሉ ተኸሳሲት ወ/ሮ ልዋም ኣድሓኖም፡ ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን 10/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ።

ሓበን ተሸመ ክፍላይ ምባል ተረፉ፡ ሓበን ተሸመ ግርማይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 17/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ብፍ/በ/መሰል መ/ም ግደይ ጉብረሃንስ፡ ብፍ/በ/ዕዳ 1.ወ/ሮ ኣልማዝ ገ/ሃንስ፡ 2.ጎይትኦም ጉብረሃንስ 3.ፍጹም ጉብረሃንስ 4.ሚካኤል ጉብረሃንስ 5.ሮቤል ጉብረሃንስ 6. ሰላም ጉብረሃንስ ናይ ፈጻሚ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን 10/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጸሮና

ፋጥማ እስማዒል መሓመድ ዓሊ፡ በዓል ቤተይ ሰራጅ ዑስማን ሰሌማን ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 10/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣለም በለል ቀዓባ ምባል ተረፉ፡ ኣለም በሊላ ተሰማ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 10/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰገን ምላው ሃይለ ምባል ተረፉ፡ ኤረና ምላው ሃይለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 10/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ዓንሰባ

## ከረን

ፍናን ግርማጼን ተኽላይ ምባል ተረፉ፡ ቤትኤል ግርማጼን ተኽላይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 26/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣድሓኑት ኣደም ሰዒድ፡ ስም ወላዲተይ ዓፊት ዑመር ሕመድ ምባል ተረፉ፡ ቁሉት ዑመር ሑመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 25/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሓጋዝ

መሓመድኣሕመድ እድሪስ መሓመድዓሊ ምባል ተረፉ፡ ኣሕመድ እድሪስ መሓመድዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 25/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ተኸማርያም ሰእላይ በርሀ፡ ናይ ኣቦይ ኣፍ/ሄር ሰእላይ በርሀ ጋዝዩ ኣብ ከተማ ኣቑርደት ዝርከብ 1.ናይ ዱኳን ሃለኽቲ መግዝበን ጸርያት ኣቑሑትን 2.ናይ ቤት መግዝበን ማስተን ሊቸንሳ ዘለዎ፡ ናይ ክልቲኡ ሊቸንሳ ብስም መዋቲ ወላዲየይ ሰእላይ በርሀ ጋዝዩ ስለዝኾነ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 25/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ኣቶ ኣደል እድሪስ ጣህር፡ ኣቦይ እድሪስ ጣህር ስለዝተሰወኡ፡ ኣደይ ፍረወይኒ ርእሶም ማሞ ስለዝዐረፈት፡ ኣነ 1ወዶም ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 8/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ድላማ በኺት ልባብ ምባል ተረፉ፡ ድላማ በኺት ሰዒብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 21/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሮቤል ተስፉሂወት ግርማይ ምባል ተረፉ፡ ማኑ ክብሮም ኣርኣያ ገ/ሂወት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 30/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ከድጃ እድሪስ ዑስማን፡ በዓል ቤተይ መሓመድ ዓብደላ ሳልም ስለዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 29/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዛህራ ዑስማን ምባል ተረፉ፡ እዝዱሃር ዑስማን ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 27/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሻምብቆ

ኤፍሬም ኣስመላሽ ወልደሚካኤል ምባል ተረፉ፡ ኤፍሬም እድሪስ መሓመድ ሁመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 11/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።


**RED SEA BOTTLERS SH. CO.**
EMBADERHO STREET ZIP 123 ASMARA, ERITREA
Tel: (291-1-)162530/35/40   P.O.Box 844
Fax: (291-1)161209   e-mail: rsb-coke@tse.com.er


### VACANCY ANNOUNCEMENT

Red Sea Bottlers Sh. Co. Invites qualified applicants for the following posts:

**1. Position** ……………. Sales Analyst.
**Education** - Advanced diploma from recognized university or college in marketing, accounting or finance.
**Experience** - 4 years in marketing & distribution.
**Skill & Knowledge** - Knowledge of analyzing sales activities, marketing and distribution of beverage products or similar.
Basic knowledge of computer application in excel.
**Work Station** - Asmara
**Age** - 25 – 45 yrs.
**Salary** - as per company scale
**Quantity** - 1
**Salary** - as per company scale
**Required quantity** - One

Interested applicants are required to come and fill an application form and submit their CV and supporting documents to Red Sea Bottlers Sh. Co., Human Resources and Administration office, Tel 162540, within 10 days from the date of this announcement.

Applicants must provide certificate of completion or exemption from national service.



# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ሮይ ኪን ንሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ይነቅፍ

ሓደ ካብዮም ማልያ ማንቸስተር ዩናይትድ ወድዮም ጸቡቕ ናይ ጸወታ ግዜ ዘሕለፉ ተጻወትቲ ምኳኑ ዝእመነሉ ሮይ ኪን፡ ንኣጋዩብ ኣጻዋውታ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ነቒፉ። እዚ ኣየርላንዳዊ ተንታኒ ኩዕሶ እግሪ ተጻዋታይ ሊቨርፑል ትረንድ ኣሌክሳንደር ኣርኖልድ ኣብ ማእከል ምክፍፋል ከጸውቶ ዘኽእል ዓቕሚ ኣይደለን ብምባል'ዩ ኣብ ቅዲ ኣጻዋውታ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ዘይዕጉብነቱ ዝገለጸ ዘሎ።

ኣሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ጋረዝ ሳውዝጌይት፡ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ጸወታታት እታ ጋንታ ንትረንት ኣሌክሳንደር ኣርኖልድ ኣብ ማእከል ሜዳ ምስ ቀዳሞት 11 ተሰሊፍቲ ድሕሪ ምስላፉ ብኮኖር ጋላግሀር ክትክኦ ከም ዝተራእየ ይፍለጥ። ብመሰረት ኦፕታ ዝተባህለ ስታትስቲካዊ ጸብጻብ ዘቕርብ ትካል ዘውጸኦ ሓበሬታ፡ ኣሌክሳንደር ኣርኖልድ ብሓሙሽተ ምሽት 88% ካብ ዝተቐበለን ኲዓሶ ብዘዮዮእ ናብ ደቂ ጋንታኡ ከም ዘሕለፈን ሰለስተ ጸቡቓት ዕድላት ክፈጥር ከም ዝኸኣለን ተረጋጊጹ ኣሎ። እዚ ከኣ ካብ ነፍሲ ወከፍ ኣባል ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ዝበልጸ ምኳኑ'ዩ ትካል ኦፕታ ዘረድኤ።

ይኹን'ምበር፡ ሮይ ኪን እዚ ኣሃዝ ካብ ስታትስቲካዊ ጸብጻብ ሓሊፉ ወጽኢት ከም ዘይህብሮ ብምግላጽ፡ ኣብ ክልቲኡ ጸወታታት ተቐይሩ ምውጽኡ ናይዚ ምልክት ምኳኑ ሓቢሩ። ኪን ንዘምጽኦ ምጉት ከረድእ ከሎ፡ "ምስ ክለቡ ከም ቀዋሚ ኣክፋፋሊ ኮይኑ ዘይጻወት ተጻዋታይ ኣብዚ ውዒ መድረኽ ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ ክትፍትኖ ግቡእ ኣይኮነን" በሃላይ እዩ። ኪን መግለጺኡ ብምቕጻል፡ "ኣብ ማስመር ምክፍፋል ተጻዊቱ'ዩ። ኣካላውን ኣእምራውን ጸዓት ዝሓትት ቦታ'ዩ። እንግሊዝ ክትዕወተለን ምስ እትኽእል ጋንታታት'ዩ ተጻዊቱ ዘሎ። ምስ ስጳኛን ፈረንሳን ዝኣ ሓላፍነት እንተደኣ ሂቡዎ ውድቀትካ ጥራይ ኢኻ ትጸብ" ኢሉ።

ኣሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ጋረዝ ሳውዝጌይት ድሕሪ ግጥም ምስ ዴንማርክ ብዛዕባ ኣሌክሳንደር ኣርኖልድ ኣብ ዝተሓተተሉ፡ ንፈተነ ኢሉ ከም ዘእተዎን ተካኢ ናይ ካልቪን ፊሊፕስ ክረኽብ ከም ዘይከኣለን'ዩ ተዛሪቡ።

ናይ ቅድም ተጻዋታይ ኣርሰናል ኢያን ራይት ንመግለጺ ሮይ ኪን ብምንጻግ ንኣሌክሳንደር ኣርኖልድ ክከላኸለሉ'ዩ ተራእዩ። ኢያን ራይት፡ እቲ ተጻዋታይ ኣብ ሳልሳይን ናይ መወዳእታን ክፋል ሜዳ ናይ ኣንጻር መጋጥምቱ ዝንቀሳቐሱ ተጻወትቲ ብምስኣኑ ከም ዝተገደሰ'ዩ ከረድእ ዝፈትን። መረዳእታ ኢያን ራይት፡ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ከምቲ ሊቨርፑል ኣብ ማስመር መጥቃዕታ ትጻወቶ ጸወታ ከተንጸባርቕ ብዘይምኽኣላ ኣሌክሳንደር ኣርኖልድ ከም ዝተገደሰ ዘስምዕ። ራይት ኣብ መወዳእታ፡ እቲ ተጻዋታይ ካብ ኣጥቃዕቲ ክፉት ቦታ ክረክብ ብዘይምኽኣሉ ቅልጡፍ ውሳኔ ክወስድ ይጸገም ከም ዝበረ፡ ሳካ እንተዘይኮይኑ ፎደንን ሃሪ ኬይንን ይንቀሳቐሱ ከም ዘይነበሩን ኣፍሊጡ።

ኣሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ሳውዝጌይት፡ ጋንታኡ ምስ ዴንማርክ ማዕረ ኣብ ዝወጸትሉ ግጥም ንሓለቓ ጋንታኡ ሃሪ ኬይን ዘውጽኣሉ ምኽንያት ሓይሹ፡ ዘድምዓ ኣእጋር ስለ ዝደለየ ምኳኑ'ዩ ዘረድኤ። ናይ ቅድም ኣጥቃዒ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ኣላን ሺረርን ጋሪ ሊንከርን፡ እቲ ተጻዋታይ ብዘርእዮ ትሑት ብቕዓት ከቲቕፍዎ ከም ዝተሰምዑ ይፍለጥ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ሓውን ወኪልን ማርከስ ራሽፎርድ ዝኾነ ድዋኢን ማይናርድ፡ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ዋንጫ ኤውሮጳ ዝበረቶ ተጻወትቲ ናይ ምምራጽ መስርሕ ክጸረ ሓቲቱ። ንሱ፡ ማስመር መጥቃዕቲ ናይታ ጋንታ ድኹም'ዩ ዘሎ ብምባል'ዩ ንዘይምምራጽ ራሽፎርድ ክጸረ ከም ዝዮዮእ ዝሕብር ዘሎ። እንግሊዝ ምስ ዴንማርክ ኣብ ዝገበረቶ ግጥም፡ ቀዳሞት ሰለስተ ኣጥቃዕታ ሃሪ ኬይን፡ ሳካን ፊል ፎደንን ድሕሪ ዕረፍቲ ብዋትኪንስ፡ ጃሮድ ቦወንን ኢብረረቺ ኢዘን ተተኪኦም ከም ዝወጹ ይፍለጥ። ገለ ተንተንቲ እታ ጋንታ፡ ኣብ ማስመር መጥቃዕታ ቅልጣፈ ስኢና ብምህላዋ ወዲ 26 ዓመት ራሽፎርድ ብዘለዎ ብልጫ ክጠቕማ ይኽእል ከም ዝበረ'የም ዝዛረቡ ዘለዉ።

ካብ ዜናታት ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ከይወጻእና፡ ናይ ቅድም ተጻዋታይ ማንቸስተር ዩናይትድ ጋሪ ነቪል፡ ተጻዋታይ ኣርሰናል ዴክላን ራይስ እቲ ዝምችኦ ናይ ጸወታ ቦታ ይረክብ ከም ዘየለ ተዛሪቡ። ነቪል፡ ኣሰልጣኒ ኣርሰናል ሚከል ኣርቴታ ነቲ ተጻዋታይ ካብ ቦታ ቁጽሪ 6 ናብ ቦታ ቁጽሪ 8 ክቕይሮ ብምኽኣሉ ንሳውዝ ጌይት ከም ዘጋጾ ብምሕባር'ዩ እቲ ተጻዋታይ ኣብ ሃገራዊት ጋንታኡ ናብ ናይ ቅድም ቦታኡ ክምለስ ከም ዘለዎ ዘረድኤ ዘሎ።



© Kieran McManus/Shutterstock

## ሶን ንበንታኩር መሊሱሉ

ሓደ ካብ ብሉጻት ተጻወትቲ ቶተንሃም ዝኾነ ሶን ኑ ኣብ ኣገልግሎት ተለቪዥን ኡራጓይ ብውዲ ጋንታኡ ሮድሪጎ በንታኩር ዝተዋህበ ናይ ላግጺ ርእይቶ መልሲ ከም ዝሃበሉ መርጉብ ሓበሬታ ደይሊ መይል ኣፍሊጡ። ወዲ 26 ዓመት በንታኩር ኣብ ኣገልግሎት ተለቪዥን ኡራጓይ ኣብ ዝገበሮ ቃለ መሕትት፡ ማልያ ናይ ሶን ወሲድካ ትፈልጥ ዶ ተባሂሉ ኣብ ዝተሓተተሉ'ዩ "ካብ ወዲ ሓወቡኡ ዘይወስዶ። ኩሎም ሓደ'ዮም እኮ ዝመስሉ" ክብል'ዩ ብላግጺ መሊሱ ነይሩ።

እዚ መልሲ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ኣዛሪቢ ኣርእስቲ ድሕሪ ምፍጣሩ፡ በንታኩር ንሶን ብወግዒ ይቕረታ ሓቲቱዎ'ዩ። ክለብ ቶተንሃም ኣብ መንጎ እዞም ተጻወትቲ ዝኾነ ጌኣሲ ከይፍጠር ብምስጋእ ተቐላጢፋ'ያ ንመልሲ ሶን ኣብ ወግዓዊ መርበብ ሓበሬታኣ ክትዝርግሖ ተራእያ። ሶን ኣብቲ ኣብ ወግዓዊ መርበብ ሓበሬታ ቶተንሃም ዝተዘርገሐ መልእኽቲ፡ "ምስ በንታኩር ተዘራሪብና ኢና። ጌጋ ፈጺሙ'ዩ። ይኹን'ምበር ይቕረታ ሓቲቱ'ዩ። ስለዚ ከም ቀደምና ኣዕሩኽ ኢና። ዝቕየር ነገር የለን። ንክለብና ክዕወት ደማ ክንሰርሕ ኢና" ኢሉ ተዛሪቡ። ክለብ ቶተንሃም ብወገና ተጻወትታ ካብ ዝተፈላለየ ባህልን ልምድን ዝመጽኡ ብምኳኖም ከምዚ ዓይነት ዘረባ ከይደገም ክጥንቀቑ ከም ዝዮዮእ ምዒዳ ኣሎ።

ኣብ 2022 ካብ ጁቬንቱስ ናብ ቶተንሃም ዝተጸንበረ በንታኩር ከኣ "ይቕረ ግበረለይ። ሕማቕ ቀልዲ'ዩ። ይኹን'ምበር ንኻ ክደፍር ኣለ ከም ዘይገበርኩ ትፈልጥ ኢኻ። ስለዚ ኣይትቖጥዓለይ" ክብል'ዩ ተዛሪቡ ዘሎ። እዚ ናይ በንታኩር መልሲ ኾነ ሓደ ዓመት ኣብ ዘይመልእ ግዜ'ዩ ንሶን ንኻልኣይ ግዜኡ ዘጋጥሞ ዘሎ። ኣቐዲሙ ሓደ ደጋፊ ተመሳሳሊ ዓሌታዊ ጸርፊ ኣብ ልዕሊ ሶን ድሕሪ ምውራዱ ንሰለስተ ዓመት ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ብኣካል ከይዕዘብ ከም ዝተኸልከለ ይዝከር።



## ብራዚል ድሕሪ ነይማር ዘፍረየቶ ብሉጽ ተጻዋታይ

እንግሊዛዊት ክለብ ቸልሲ ዘፈረመቶ ሓድሽ ተጻዋታይ ኢስተቫኦ ዊሊያም፡ "ድሕሪ ነይማር፡ ብራዚል ዘፍረየቶ ናይ መጀመርያ ብሉጽ ተጻዋታይ" እናተባህለ ብብዙሓት ወገናት ናእዳ ይረኽብ ኣሎ። ቸልሲ ነዚ ወዲ 17 ዓመት ተጻዋታይ ብ48 ሚልዮን ፓውንድ ናብ ስታንፎርድ ብሪጅ ክተምጽኦ ከም ዝተሰማመዐት ኣይርሳዕን። ወናኒት ናይዚ ብርቂ ተጻዋታይ ዝኾነት ብራዚላዊት ክለብ ፓልሜይራስ ፈለማ 28.7 ሚልዮን ፓውንድ ጺሒፋ ከኣ 19.4 ሚልዮን ፓውንድ ካብ ቸልሲ ክትቕበል'ያ ተሰማሚዓ ዘላ። ኢስተቫኦ ዊሊያም፡ ንዓመታ 18 ዓመት ክሳብ ዝመልእ ማልያ ቸልሲ ወደዩ ኣይክጻወትን'ዩ። ዝመጽእ ዓመት ሰፕቴምበር ግን ምስቲ ኣቐዲሙ ፈርማኡ ዘንበረ ኤኳዶርያዊ ከንድሪ ፓኤዥ ሓቢሩ ናብ ስታንፎርድ ብሪጅ ክመጽእ እዩ። ከንድሪ ፓኤዥ ቅድሚ 12 ኣዋርሕ ምስ ቸልሲ ብ17.5 ሚልዮን ፓውንድ ክጻወት ከም ዝተሰማመዐ ኣይርሳዕን። ልዕሊ ፓኤዥ ግን ብራዚላዊ ኢስተቫኦ እዩ ዝያዳ ኣብ ቸልሲ ለውጢ ከምጽእ ከም ዝኽእል ዝንገረሉ ዘሎ።

እዚ ተጻዋታይ ዋላ'ኳ ማልያ ፓልሜይራስ ወድዩ 22 ጸወታታት ጥራይ የርኣየ፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ብዘርእዮ ዘሎ ብቕዓት ግን ኣቓልቦ ብዙሓት ዓበይቲ ክለባት ዓለም ክስሕብ ክኢሉ ኣሎ።

ኣብ 1994 ምስ ሃገራዊት ጋንታ ብራዚል ኮይኑ ዋንጫ ዓለም ዘልዓለን ኣብዚ እዋን ድማ ከም ኣወሃሃዲ ናይታ ሃገራዊት ጋንታ ኮይኑ ዝሰርሕ ዘሎን ብራንኮ፡ እዚ ተጻዋታይ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026 ተስፋ ብራዚላውያን ምኳኑ መስኪሩሉ ኣሎ። ሃገራዊት ጋንታ ብራዚል ኣብ ግዜ ነይማር ዋንጫ ዓለም ክትዓትር ብዘይምኽኣላ ዘይዕጉባትየም ዝገልጹ ብራዚላውያን፡ ኣብ 2026 ብመንእሰያት ተጻወትታ ጹብሉል ክትብል ልዑል ተስፋ'የም ኣንቢርም ዘለዉ።

ዝሓለፈ ወርሒ ኣሰልጣኒ ክለብ ፓልሜይራስ ኣቤል ፈሬራ፡ እንግሊዛዊት ክለብ ቸልሲ ነዚ መንእሰይ ተጻዋታዩ ክትጥምቶ ምኽኣላ ከም ዘየሐጎሶ ተዛሪቡ ነይሩ'ዩ። ንሱ ብተወሳኺ፡ ቸልሲ ብዘይካ እዚ ተጻዋታይ ካልኦት መንእሰያት ተጻወትቲ ናይታ ጋንታ ከይትወስድ'ውን ስግኣቱ ገሊጹ ኣሎ። ኣቤል ፈረራ ኣብ ውሽጢ ሓደ ሰሙን ሓሙሽተ ካብ ትሰፋዋት ተጻወትቱ ከም ዝኸሰረ'ዩ ዘማረረ። ዓበይቲ ክለባት ኤውሮጳ ንኣሸቱ ተጻወትቲ ደቡብ ኣመሪካ ኣብ ምህዳን ብጎጥፈት ከም ዝዋስኡ ይንገር።





## መደብ ጸወታ

ሎሚ

ሻምፕዮን ከዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ

ዞባ ማእከል

ጉዳይፍ - ገጀረት 2፡00 ድ.ቀ

ሰምበል - ደንደን 4፡00 ድ.ቀ

ጽባሕ

ሻምፕዮን ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ'

ኣሊታሕረር - ጉዳይፍ 2፡00 ድ.ቀ

ቀይሕ ባሕሪ - ኩባንያ ሰምበል 4፡00 ድ.ቀ


## ደገፍቲ ጋነርስ ይሻቐሉ

ብራዚላዊ ተጻዋታይ ኣርሰናል ጋብሬል ማርቲኔሊ፡ ምስ ሃገራዊት ጋንታኡ ልምምድ ኣብ ዝገበረሉ ዝበረ ግዜ ብዘጋጠሞ መጉዳእቲ፡ ደገፍቲ ጋነርስ ኣብ ሻቕሎት ኣትዮም። ማርቲኔሊ ምስ ወዲ ጋንታኡ ኤደር ሚሊቶ ድሕሪ ምጉጫው፡ እዮም ሓኪም ሃገራዊት ጋንታ ብራዚል ንምሕካሙ ብጡያ ናብ ሜዳ ክኣትዉ ተራእዮም። ተንቀሳቓሲ ቪድዮ ናይዚ ኣጋጣሚ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ድሕሪ ምዝርግሑ ከኣ ደገፍቲ ኣርሰናል ድንጋጸኦም ይገልጹ ኣለዉ።

እቲ ዝዩዳ ኣገራሚ ኮይኑ ዘሎ ግን መጉዳእቲ ማርቲኔሊ ኣይኮነን። እቲ ምስኡ ዝተጋጨወ ሚሊቶ፡ ወዲ ጋንታኡ ኣብ መሬት ሰፋሕፊሑ እናበለ ከሎ ከይተገደሰ ምኻዱ'ዩ። ሚሊቶ ፈለማ ንማርቲኔሊ ብዘይተገዳሰነት ብኢዱ ሐዚዙ ክትንስኦ ክሕብሮ ከሎ፡ ጺሒፉ ግን ኣብ መሬት ጉዱፉዎ'ዩ ምስ ካልእ ተጻዋታይ ኣርሰናል ጋብሬል ማጋልሄስ ተጻዚሩ። ሃገራዊት ጋንታ ብራዚል፡ ሰለስ ኣብ መኽፈቲ ኮፓ ኣመሪካ ምስ ሃገራዊት ጋንታ ኮስታሪካ ንዝሀልዋ ጸወታ እናተሰማመደት ከለ'ዩ ማርቲኔሊ ተሃሪሙ። ብመሰረት ካብ ሓኪም ሃገራዊት ጋንታ ብራዚል ዝወጸ ሓበሬታ፡ እቲ ተጻዋታይ ኣብ የማናይ እግሩ'ዩ መጉዳእቲ ኣጋጢምዎ። ሚሊቶን ማርቲኔልን ሃገራዊት ጋንታ ብራዚል ንመዳለዊ ኮፓ ኣመሪካ ኣንጻር ሃገራዊት ጋንታ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣብ ዝገበረቶ ምሕዝነታዊ ጸወታ ምስ ቀዳሞት 11 ተጻወትቲ ከም ዘይተሰለፉ ይፍለጥ። ማርቲኔሊ ግን ድሕሪ ዕረፍቲ ተቐይሩ ክኣቱ ዕድል ረኺቡ ነይሩ'ዩ።

ሚሊቶ፡ ሪያል ማድሪድ ንቡሩሽያ ዶርቱሞንድ ብምርታዕ ጸዋእ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ድሕሪ ምዕታሩ ናብ ሃገራዊት ጋንታ ብራዚል ክጽንበር ከሎ፡ ማርቲኔሊ ከኣ ዋንጫ ፕሪመር ሊግ ንማንቸስተር ሲቲ የሕሊፉ ሂቡ'ዩ ናብ ሃገሩ ተመሊሱ ዘሎ። ሃገራዊት ጋንታ ብራዚል፡ ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ኮፓ ኣመሪካ ንሓሎዊ ልዳት ሊቨርፑል ኣሊሰን በከርን ተጻወትቲ ሪያል ማድሪድ ቪኒሽዩስ ጁኒየርን ሮድሪጎን ሒዛ ዋንጫ ኮፓ ኣመሪካ ክተልዕል ልዑል ትጽበት'ዩ ተገይሩላ ዘሎ። ማርቲኔሊ፡ ዝሓለፈ ዓመት ሰፕቴምበር ኣብ ኣርሰናል ከምቲ ዝድለ ደሚቑ ኣልካ ክዛረብ ዝኽኣልኳ እንተዘይኮነ፡ ኣብ ኩሉ ጸወታታት ግን ሸሞንተ ሹቶታት ከመዝገብ ከሎ ሓሙሽተ ከኣ ሹቶ ዝኾና ኩዓሶ ከም ዝሰርሐ መዛግብቲ ኢምራትስ የረድኣ። ሚሊቶ ከኣ ብዘጋጠሞ መጉዳእቲ ካብ ጸወታ ርሒቑ ድሕሪ ምጽንሑ ኣብ ወርሒ መጋቢት'ዩ ፈለሚ ናይ ላ ሊጋ ጸወታኡ ከካይድ ክኢሉ ነይሩ።



© TNT Sports

# ዜና ወጻኢ

ተስፋኣለም የማነ

## ፕረዚደንት ፑቲን፡ ደ/ኮርያ ንዩክሬን ከይተዕጥቕ ኣጠንቂቑ

ፕረዚደንት ፌደረሽን ሩስያ ቭላድሚር ፑቲን፡ ደቡብ ኮርያ ንዩክሬን ወተሃደራዊ ኣጽዋር እንተደኣ ኣዕጢቓታ ከም ‘ዓቢ ስሕተት’ ክቖጸር ምዃኑ ኣጠንቂቑ።

እቲ ፕረዚደንት ዝ. ማጠንቀቕታ’ዚ ዘስመዐ ደቡብ ኮርያ ኑታ ምስ ሩስያ ኣብ ውግእ ተሸሚማ ዘላ ዩክሬን ዝተረቕቐ ኣጽዋር ንምዕጣቕ ትሓስቦ ምህላዋ ድሕሪ ምግላጻ እዩ።

እታ ሃገር ንዩክሬን ናይ ምዕጣቕ



ኣጀንዳ ተበግሶ ዘሎ፡ ሩስያን ሰሜን ኮርያን ካብ ዝኸዱ ደቂቕን ወገን ወራር ምስ ዘጋጥመን ንሓድሕደን ክተሓጋገዛ ዘኽእለን ሓድሽ ወተሃደራዊ ስምምዕ ድሕሪ ምኽታመን እዩ።

ፕረዚደንት ፑቲን ኣብቲ ዝሓለፈ ሓሙስ ንጋዜጠኛታት ዝሃቦ ሓበሬታ፡ “ደ/ኮርያ ናብ ዩክሬን ኣጽዋር ክትልእኽ እንተወሲና ሞስኮ ’ዚ ሕጂ ዘሎ መራሕነት’ታ ሃገር ዘየንብድ ውሳኔታት ከተሕልፍ እያ” ክብል ኣተሓሳሰበ።

ንሱ ወሲኹ፡ ኣመሪካን መሻርኽታን ናብ ዩክሬን ኣጽዋር ምልኣኽ ደው እንተ ዘይኣብለን፡ ሞስኮ ንሰሜን ኮርያ ዝተረቕቐ ኣጽዋር ከተዕጥቓ ከምእትኽእል ኣገዚቡ።

ፕረዚደንት ፑቲን ፕዮንግያንግ ኣብ ዝጸንሓሉ እዋን፡ ሰሜን ኮርያዊ መራሒ ኪም ጆንግኡን “ሩስያ ኣብ ዩክሬን እተካይዶ ዘላ ወተሃደራዊ ወፍሪ ክሳብ ዝዕወት፡ ሰሜን ኮርያ ምሉእ ዘይትዓዶ ሓገዝ ክተበርክት እያ” ክብል ቃል ከምዝኣተወሉ ማዕከናት ዜና ዓለም ይሕብራ።

## ፕረዚደንት ጫድ፡ ኣብ መኽዘን ኣጽዋር ዘጋጠመ ነትጒ ክምርመር ኣዚዙ

ፕረዚደንት ጫድ ማሃመት ደቢ፡ እቲ ዝሓለፈ ሰሉስ ለይቲ ኣብ ‘ስትራተጂያዊ’ ዝተባህለ ዓቢ መኽዘን ኣጽዋር’ታ ሃገር ዘጋጠመ ሓደጋ ነትጒ ክጻረ ትእዛዝ ኣመሓላሊፉ።

እቲ ፕረዚደንት ናብቲ ሓደጋ ዘጋጠመሉ ቦታ ድሕሪ ምብጻሑ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ጠንቂ ናይቲ ነትጒ ንምንጻር ደሮ ሓደ ኮሚሽን ናብቲ ቦታ ተላኢኹ ከምዝሎ ሓቢሩ።

እቲ ስትራተጂያዊ መኽዘን ኣጽዋር፡ ኣብቲ ህዝቢ ብጹዕቂ ዝነብረሉ ክፋል ንጃሚና - ርእሰከተማ ጫድ ተደኲኑ ከምዝነበረ ዝጠቐሰ ሚኒስትር ጥዕና’ታ ሃገር፡ በቲ ዘጋጠመ ንልዕሊ ፍርቂ ሰዓት ዝቐጸለ ነትጒ ሓሙሽተ ወተሃደራት ዝርከብዎም 9 ሰባት ከምዝሞቱን ካልኦት ብውሕዱ 46 ሰባት ከምዝቖሰሉን ኣመልኪቱ።

ፕረዚደንት ማሃመት ደቢ ደሞ፡ “እዚ ኣጋጢሙና ዘሎ ሓደጋ ኣብ ማእከል ከተማታት መኽዘናት ኣጽዋር ክሃንጹ ንዘጠበሱ ዓቢ ትምህርቲ ክኾነና እዩ” ክብል ድሕሪ’ቲ ሓደጋ ገሊጹ።

ገለ ክኢላታት፡ ንተሳትፎ ጫድ ኣብ ግጭት ጎረባብቲ ሃገራት ብምጥቃስ፡ “እቲ ሓደጋ ብወዝቢ ዘጋጠመ ዘይኾነሉ ይኽእል’ዩ” ብምባል፡ መንግስቲ ብዕቱብ ክጸርዮ ከምዝለዎ የረድኡ።



## ግብጺ፡ ኣማውታ ዜጋታታ ኣብ ስዑዲያ ዝምርምር ኣሃዱ ኣቕሙ



ግብጺ፡ ክኒታት ኣማውታ ናይ’ቶም ብምኽንያት ሃይማኖታዊ ንግደት (ሕጃ) ናብ መካ - ስዑዲዓረብ ድሕሪ ምጋሾም ብሙቐት ዝሞቱ ኣማኢት ዜጋታታ ክምርመር ኣዚዙ።

እታ ሃገር ኑቲ መርመራ ዝካይድ ኣሃዱ ኣቕማ ከምዝኣ ደሞ ሮይተርስ ሓቢሩ።

ግብጺ ክኒታት ኣማውታ ናይ’ቶም ግዳያት ክምርመር ዝወሰነት፡ ንሕጃ ኢሉም ናብ መካ ካብ ዝኸዱ ዓሰርተታት ኣሽሓት ዜጋታታ ብውሕዱ 530 ከምዝሞቱን ካልኦት 31 ደጆም ከምዝጠፍኡን ምንጩታት ጸጥታን ሕክምናን እታ ሃገር ኣብ ዝገለጽሉ ዘለዉ እዋን’ዩ።

ዝበዝሑ ካብ’ቶም ግዳያት፡ ንዝምልከቶ ኣካል ከይሓብሩ (ከይተመዝገቡ) ዝኸዱ ምዃኖም ዝሓበሩ እቶም ምንጩታት፡ ብኡ ምኽንያት ኣብቲ ቦታ ዝጽልሉ ኣግነታት ክረኽቡ ብዘይምኽኣሎም ንሓደጋ ሞት ከምእተሳጥሑ ኣረዲኦም።

ሰበስልጣን መንግስቲ ግብጺ ብወገኖም፡ ቁጽሪ ናይ’ቶም ኣብ መካ ብሰንኪ ብርቱዕ ዋዒ ዝሞቱ ዜጋታቶም ብልክዕ ከምዘይፈልጥዎ ድሕሪ ምጥቃስ፡ ቁጽሪ ግዳያት ንምፍላጥን ሬሳኦም ናብ ዓዶም ንምምላስን ምስ መንግስቲ ንግስነት ስዑዲያ ይሰርሑ ከምዘለዉ ሓቢሮም።

ኑቶም ዘይምዝገብዎ ነጋድያን ናብ መካ ኣብ ምጉዓዝ ከም ኣሰልጥቲ ኮይኖም ዝተዋስኡ ኩባንያታት መርመራ ክትደየለንን ተረር መቕጻዕቲ ክበየለንን ምዃኑ’ውን እቶም ሰበስልጣን ወሲኾም ኣጠንቂቖም።

ናይ ሎሚ ዓመት ሕጃ፡ ማጠን ሙቐት ከተማ መካ ልዕሊ 51 ዲግሪ ሰንቲግሬድ ኣብ ዝጸሓሉ ጸግዒ ክኒታት ይካየድ ከምዝሎ፡ ከም ሳዕቤኑ ደማ ካብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝመጹ ልዕሊ ሓደ ሽሕ ነጋድያን ብሰንኪ’ቲ ብርቱዕ ዋዒ ሞይቶም ከምዘለዉ፡ ዝተፈላለዩ ጸብጻባት ዜና የመልክቱ።

## መንግስቲ ፖላንድ፡ ምስ ሩስያ ዘራኽቦም ዶብ ብነተጒቲ ክሓጽር ይሕትት



ሚኒስተር ምክልኻል ነበርን ኣባል ባይቶን ፖላንድ ማሪዩዝ ብላዝዛክ፡ እቲ ብቐዳማይ ሚኒስተር ዶናልድ ታስክ ዝምራሕ መንግስቲ ኑቲ ምስ ሩስያ ዘራኽቦ ዶብ ፖላንድ ብነተጒቲ ክሓጽሮ ጸዊዑ።

ብመሰረት መርበብ ሓበሬታ ‘ራሻ-ቱደይ’፡ ፖላንድ ኑቲ ምስ ሩስያ ዘራኽብ ዶባታ ብነተጒቲ መታን ክትሓጽሮ፡ ካብቲ ኣቐዲማ ዝኣተወቶ ብ‘ውዕል ኦታዋ’ ዝፍለጥ ኣህጉራዊ ስምምዕ ዘይምጥቃም ጸረ-ሰብ ነተጒቲ ክትስሕብ ከምዘለዋ’ውን እቲ ካብ 2018 ክሳብ 2023 ሚኒስተር ምክልኻል ዝነበረ ብዓል-ሰልጣን ዝሓለፈ ሓሙስ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ ኣተሓሳሰበ።

መንግስቲ ፖላንድ፡ ካብ ሩስያን ቤላሩስን ክመጽእ ንዝኽእል ወተሃደራውን ስለያውን ስልኳታት ንምግታእ፡ ንኽልተኡ ዶብ ብነተጒቲ ክሓጽሮ ዝጠልብ ሕቶታት ካብ ካልኦት ተቓወምቲ’ታ ሃገር’ውን ክቐርበሉ ከምዝጸንሐ ዝጠቐሰ መርበብ ሓበሬታ ራሻ-ቱደይ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ዶናልድ ታስክ ግን ኑቲ ሕቶታት ብተደጋጋሚ ከምዝጸገ ይሕብር።

ኣብ 1999 ተግባራዊ ዝኾነን 164 ሃገራት ብኽታመን ዘጽደቐኦን ኣህጉራዊ ውዕል ኦታዋ፡ ንምጥቃም፡ ምፍራይ፡ ምኽዛን ኩነ ምብዛሕ ነተጒቲ ዝእግድ እዩ።

ሕ.መ.ኣመሪካ፡ ሩስያ፡ ህንዲን ቻይናን ግን፡ ካብ’ተን ኑቲ ውዕል ዘይተጸንበራኦ ሓያላ ሃገራት ዓለም እየን።

ሓንቲ ካብ ኣባላት ኔቶ ዝኾነት ፖላንድ፡ ወተሃደራዊ ወፍሪ ሩስያ ኣብ ዩክሬን ንኸይዕወት በጀ-ኣድ ኣመሪካ ኩይና ትዋሳእ ምህላዋ ይንገር።

## ህንዲ - ዘይሕጋዊ ኣልኮላዊ መስተ ብውሕዱ 34 ሰባት ይቐትል

ኣብ ደቡባዊ ክፋል ህንዲ፡ ብውሕዱ 34 ሰባት ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ዝተዳለወ ኣልኮላዊ መስተ ሰቲዮም ከምዝሞቱ ተሓቢሩ።

ሰብ-መዚ’ታ ሃገር ኣብ ዝዘርግሕዎ ሓበሬታ፡ እቶም ግዳያት፡ ‘ሜታኖል’ ዝተባህለ መርዝም ኬሚካላዊ ባእታ ዝተሓወሶ ኣልኮላዊ መስተ ድሕሪ ምጭላጥም ከምዝሞቱ ገሊጾም።

ኑቲ ዘይሕጋዊ መስተ ዝሰተዩ ካልኦት ልዕሊ 100 ሰባት እውን ሓሚሞም ኣብ ሆስፒታል ተዓቚቦም ከምዘለዉ ሓቢሮም።

ብዙሓት ካብኣቶም ኣዝዮም ተወጺያም ብምህላዎም ደማ፡ ቁጽሪ ምውታት ክይውሰኽ ስግኣት ከምዝሎ እቶም ሰብ-መዚ ወሲኾም ኣረዲኦም።

ፖሊስ እቲ ከባቢ፡ ኑቲ ዘይሕጋዊ መስተ ከምዝዳለዎ ንዝጠርጠሮ ሓደ ውልቀሰብ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከእቲ እንከሎ፡ ተጸማዊቑ ንኽሸየጥ ተዳልዩ ዝነበረ 200 ሊትሮ ዘይሕጋዊ ኣልኮላዊ መስተ ደማ ከምዝሓዘ ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ።

ብዙሓት ድኻታት ዜጋታታ ናብ ሕጋውያን ባራት ኣትዮም ሕጋዊ ኣልኮላዊ መስተ ክሰትዩ ከምዘይክእሉ ኣብ ዝነገረላ ህንዲ፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ትራጀዲታት ልሙድ ከምዝኾነየም ጸብጻባት ዘመልክቱ።

ንኣብነት፡ ኣብ 2022 ልዕሊ 30 ሰባት፡ ኣብ 2020 ድማ ብውሕዱ 120 ሰባት ሜታኖል ዝተሓወሶ ዘይሕጋዊ ኣልኮላዊ መስተ ሰቲዮም ከምዝሞቱ ናይ ሽዑ ጸብጻባት ይሕብሩ።

ሜታኖል ዝተሓወሶ ኣልኮላዊ መስተ፡ ዝበዝሐ ግዜ ኣብ ህንዲ ከም ኑዳዱ መቃጠሊ ሕብረን ካልእን ከምዝገልግል ይሕበር።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ፍረ-ኣውለዕ | 22/06/2024 | ጎደና ዓዲ ኣበይቶ ቁ.ገዛ 43 ልዕሊ ሆስፒታል ብርሃን ዓይኒ | 163485 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ    ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services